# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 24 ዓመት ቁ. 44 14 ጥቅምቲ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ስሉስ


ገጽ 3
ኣመራሕን ቱርኪን ኣብ ጉዳይ ሶርያ



ገጽ 4
ይቕረታ ንመን?



ገጽ 8
ሓጺር ታሪኽ ፖሊስ ኣብ ኤርትራ

ገጽ 10
ኣየገርምንዶ?



ገጽ 11
ተወልደ ኣብ ማራቶን ሚልቦርን ካልኣይ ወጺኡ


# ስዊዘርላንዳውያንን ጀርመናውያንን መሓዙት ኤርትራ፡ ኩነታት ኤርትራን ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ልምዓትን ብኣካል ንምዕዛብ ዑደት የካይዱ



ስዊዘርላንዳውያንን ጀርመናውያንን መሓዙት ኤርትራ፡ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታትን ቱሪዝማዊ ጸጋታትን ኤርትራ ንምዕዛብ፡ ዑደት የካይዱ ኣለው።

እቶም ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ምስ ኤርትራን ህዝባን ጥቡቕ ናይ ምትሕግጋዝ ምሕዝነት ዘጸንሑ ወጻእተኛታት፡ ብ8 ጥቅምቲ ኣስመራ ድሕሪ ምእታዎም፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ንኡስ ዞባ ማይተመናይ እትርከብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ 'ሰውራ'ን ትካል መጸር ዓይኒ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራን በጺሖምን ብዛዕባ ንጥፈታተን መብርሂ ተዋሂብዎምን።

ብ9 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ተደኲኖን ኣብ ዝርከብ ቤት-ትምህርቲ ዓይኒ-ስውራን ኣብራሃ ባህታ፡ ከምኡ'ውን ቤት-ትምህርቲን መውዓሊ ህጻናትን ጽሙማን ኣብ ዝበጽሑሉ፡ እቶም ኢጋይሽ፡ ብኣካየድትን ተሰነዮም ንዘሁብኦ ኣገልግሎትን ሓፈሻዊ ንጥፈታተንን ድሕሪ ምዕዛቦም፡ ንምዕባለኦን ዝሕግዝ ርእይቶታት ሂቦም።

ካብ መሰረትቲ ናይ'ቲ ምስ ኤርትራ ነዊሕ ናይ ምትሕግጋዝ ሰረት ዘለዎ ስዊዘርላንዳዊ ማሕበር "ሱክ" (SUKE - Swiss support committee for Eritrea) ዝኾነ ዶክተር ቶኒ ሎሸር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስንኩላን ዘለዎ ኣረኣእያን ንዕኦም ዝጉብሮ ናብዮትን ዘሐጉስ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ድማ ኣብ'ቲ ዕማም ምትሕግጋዞም ንኽትጉብር ድርኺት ዝፈጥር ከምዝኾነ ገሊጹ።

ብኻልእ ወገን፡ እቶም ስዊዘርላንዳውያንን ጀርመናውያንን መሓዙት ኤርትራ፡ ብ10'ን 11'ን ጥቅምቲ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡሳን ዞባታት መንደፈራን ዓዲ-ኳላን ዑደት ኣካዪዶም።

ንሶም ኣብ ከተማ መንደፈራ፡ ኣብ ዓዲብራኽ ተደኲኖን ንዝርከብ መባእታ ቤት-ትምህርቲን መዋእለ ህጻናትን ከምኡ'ውን ልምዓታዊ ንጥፈታት ድሕሪ ምዕዛቦም፡ ንመባእታ ቤት-ትምህርቲ በራኽን ተመሃሮኣን ዝኸውን ናውቲ ብሓገዝ ኣበርኪቶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ስንኩላንን ጽጉማትን ኑቦሶም ንክኽእሉ ብመገዲ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራን ማሕበር ብደሆን ኣብ ዓዲ-ቀሰዩምትን ከተማ መንደፈራን ዝሰላሰሉ ፕሮጀክትታት ድሕሪ ምዕዛብ፡ ንጥፈታት'ተን ማሕበር ንምድንፋዕ ክግበር ብዛዕባ ዝከኣል ምትሕግጋዝት ተዘራሪቦም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣብ ዘካየድዎ ዑደት ድማ፡ ዲጋ ሰሞሞ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ብዘሰላስሎ መደባት ንኡስ መጠን ልቓሕ መትሓብርኦም ናይ ዝመርሑ ዜጋታት ንጥፈታት ተዓዚቦም።

ስዊዘርላንዳዊት ኤዛቤላ ሎሸር ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ኣብ ከተማ መንደፈራ ህዝቢ መትሓብርኡ ንምምራሕን ንምምዕባልን ዘካይዶ ንጥፈታት ኣዝዩ ከምዘመስጦ፡ እዚ ድማ መርኣያ ናይቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስራሕ ዘለዎ ኣረኣእያን ኣኽብሮትን ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ጽጉማትን ስንኩላንን ንምሕጋዝ ንዘካየድ ንጥፈታት ዘለዋ ኣድናቖት ገሊጻ።

"ምስ ኤርትራ ታሪኻውን ልባውን ምትእስሳር ኣለኒ" ዝበለ ጀርመናዊ ዶክተር ኣልበርት ዘብርበለር ብወገኑ፡ ኤርትራ ቀጠባዊ ሓርነት ንምጉንጻፍ ንእተካይዶ ሓያል ቃልሲ ብቐጻሊ ከምዝከታተሎን ከምዘምስጦን ብምጥቃስ፡ ዑደቶም - ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራን ህዝባን ብቐረባ ንምፍላጥ ከምዘኽኣሎም ኣረዲኡ።

ስዊዘርላንዳዊት ክሪስቲን ቮገልሳንግ ብወገና፡ ኣብ ዝበጽሕወን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ልዑል ተገዳስነት መምህራን ኣብ ተመሃሮን ኣኽብሮት ተመሃሮ ንመምህራንን ከምኡ'ውን ቅርጺ-መሬት ኤርትራ ፍሉይ ተምሳጥ ከምዝሕደረላ ገሊጻ።

# ተሰነይ፡ ዓሶ ንምቁጽጻር ዝዓለመ ኣድማዒ ንጥፈታት ተኻዪዱ

ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ብህዝብን ትካላትን ጥዕናን ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ነበርቲ ከተማ ተሰነይ ጽሬት ከባቢኦም ብምውሓስ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ኣድማዒ ንጥፈታት ከምዘካየዱ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ካብ ተሳተፍቲ ማእቶት ኣቶ ተኽለይ ጉብረዝጊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብቐጻሊ ዝወሃቡ ዘለዉ ጥዕናዊ ኣስተምህሮታትን ንቕሓት ህዝቢ ኣብ ምብራኽ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝገበሩ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ከባቢኡ ብጽሬት ብምሓዝን ናመሲያ ብምጥቃምን ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ሓያል ጻዕሪ ከምዝገበረ ብምሕባር፡ ዘካይድዎ ማእቶት መቐጸልታ ናይቲ ብምውህሃድ ምምሕዳርን ትካላት ጥዕናን ዝካየድ ዝጸንሐ ንጥፈት ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ሓምድ ዑስማን ድማ፡ ነበርቲ ከተማ ተሰነይ ጠንቂ ምትሕልላፍ ሕማም ዓሶ ዝኾኑ ጣንጡ ዝራብሓሎም ቦታታት ብጽሬት ንምሓዝን ኣበርቲዖም ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምምልካት፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ኩሉ ዝከኣሎም ንጥፈት ክካይዱ ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ወይዘሮ ኣዜብ በረኸትኣብ ብወገና፡ ሳላ ዘካይዱ ዘለዉ ዝተዋሃሃዱ ንጥፈታትን ብሰብ ሞያ ጥዕና ዝወሃቡ ዘለዉ ጥዕናዊ ኣስተምህሮታትን ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምብራኹ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ ይኸይድ ከምዘሎ ሓቢራ።

## ዓለማዊ መዓልቲ ደረጃታት
## 14 ጥቅምቲ 2014

### ደረጃታት ናይ ምድልዳል ተራ ይጻወቱ

**ናይ ለማዘበን ኣህጉራዊ መዓልቲ ደረጃታት "ደረጃታት ናይ ምድልዳል ተራ ይጻወቱ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ይኸበር ኣሎ። እዚ መልእኽቲ'ዚ ብሰለስተ እህጉራውያን ትካላት ማለት ኣህጉራዊ ኮሚሽን ኤሌክትሮቴክኒክ (IEC)፣ ውድብ ኣህጉራዊ ደረጃታት (ISO) ከምኡ ድማ ሕብረት ኣህጉራዊ ተለኮሚኒኬሽን (ITU) ዝተመሓለለፈ ናይ ሓባር መልእኽቲ እዩ። ኣህጉራዊ መዓልቲ ደረጃታት ብደረጃ ዓለም ንመበል 45 ግዜ ኣብ ሃገርና ድማ ንመበል 16 ግዜኡ ብመንግዲ ትካል ደረጃታት ኤርትራ ተዘኪሩ ይውዕል ኣሎ።**

ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዓሚቕ መቐይሮ ዝተየደላ ዓለም ንነብር ኣለና። ሃገራት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ማዕረ ክንድ'ዚ ተመራኺብሰን ኣይፈልጣን። ሎሚ ኣብ ሓደ ዕዳጋ ዝሸልኽ ምህርቲ ኣብ ሓደ ሃገር ጥራሕ ኣይተሰርሐን ዝስራሕ፣ ኣብ ዓለም ምሉእ እዩ ዝምስራሕ። ምህርቲ ቅድሚ ኣብ ናይ መውዳእታ ተጠቃሚይ (ኣህላኺ) ምብጽሑ፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት እንዳተመሓላለፈ ናይ ሰብጉልበት ወይ ኣካላት እንዳተወሰኾ ክብሪ እንዳዋህለለ ናይ መውዳእታ መልክዑ ይሕዝ።

ኣህጉራዊ ደረጃታት ዝጥቀማ ናእሽቱን ማእከሎትን ወፍራት ብቐሊሉ ናይ ብቕዓት ምስክርነት ረኺበን ምህርተን ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ናይ ዓለም ክሸጣ ይኽእላ። ብመንገዲ ኣህጉራዊ ደረጃታት እዘን ናእሽቱን ማእከሎትን ወፍራት ኣብ'ዚ ክብሪ ዝኽዕበተሉ ሰንሰለት ናይ ዓወደማ ክዋሰኣን ብኡ ኣቢለን ከኣ ካብ ምስግጋር ተክኖሎጂ ክረብሓ የኽእለን።

ኣህጉራዊ ደረጃታት ከም ዓንዲ ማእከል ናይ ፖለሲታተንን ሕጋጋትንን ዝጥቀማ ሃገራት ንህዝበን ዚያዳ ይከላኸላ፣ ብተወሳኺ ህዝበን ብቑዓት ዘለዎ ምህርቲ ምእንቲ ክረክብ ርሒብ ምርጫ ይኸፍታሉም።

ኣብ'ዚ ሓያላን ዝተፋሃንሉ ዓለም ፣ ጽልዋን ቁጠባዊ ሚዛንን ናይ ዝቅልቀላ ዘለዋ ዝምዕባላ ሃገራት ኣብ ምዝዛው ናይ'ዚ ሓይሊ ሚዛን ዓዚዙ እንዳንልሓ ይመጽእ ኣሎ። ኣህጉራዊራን ደረጃታት እምብኣርከስ ንጉዲ ብምንጥጣፍ ፣ ሰብሰርሖ ማሕለኻታት ሰይሮም ኣብ'ዚ ቁርቋስ ናይ'ዚ ዓውዲ ኣብ ምድልዳል ይሕግዙ። እዚ ድማ ንሃገራትን፣ ኢንዱስትሪታትን፣ ካምፓኒታትን ዚያዳ ተወዳደርቲ ኮይነን ብቐሊሉ ሰደድ ክገብራ፣ ብሃገራዊን ኣህጉራዊን ደረጃ ብዙሕነት ከደንፍዓ ይቕስቕሳ።




መዓልታዊት ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
Samson@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
Biniam@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2212)
ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454 - 07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምሲጋና ተዓገስ

# ልዕሊ 80 መምህራን ብትምህርታዊ ምሕደራ ተመረቑም


ስ/ሸዊት ዑቕባዝጊ

ኣብ ኮሚኒቲ ኮለጅ መምህራን ኣስመራ ን2ዓመት ስልጠና ትምርታዊ ምሕደራ ክኸታተሉ ዝጸንሑ 81 መምህራን፣ ዳይረክተራትን ሱፐርቫይዘራትን ብ11 ጥቅምቲ ብዲፕሎም ተመሪቑም።

ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት፣ ዳይረክተር ኮሚኒቲ ኮለጅ መምህራን ኣስመራ መምህር ኣለም ጉብረቃል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስልጠንቲ ቀሲሞም ዘለዉ ዘመናዊ ኣገባብ ምሕደራ ትምህርቲ ኣብ ዕለታዊ ስርሖም ሓጋዚ ምኻኑ ሓቢሩ።

ቀጽሪ ደቂ-ኣንስትዮ ብደረጃ ዳይረክተራትን ካልእ ሓላፍነትን ንምዕባይ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዝሎ ዝሓበረ መምህር ኣለም፡ ካብዞም ኣብ'ዚ ስልጠና'ዚ ንኽሳተፉ ዕድል ዝረኸቡ 81 መምህራን እተን 7 ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝኾና፡ ኣብ መጻኢ ድማ ብዝሰፍሐ ክድፋኣሉ ምኻኑ ኣብሪሁ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶም ብወገኖም፡ መምህር ኣብ ምዕባለን ዕቤትን ሓደ ሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምህናጽ ምምእዛን ህጻናትን መንእሰያትን ድማ ብፍላይ ዘለዓለ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ጠቒሱ፡ ተመረቕቲ ቀሲሞም ብዘለዉ ስልጠና ትምህርታዊ ምሕደራ ሓላፍነቶም ብግቡእ ክሰላሰሉ ተላብዩ።

ወኪል ተመረቕቲ ብወገና፡ ዝተወሃቦም ዕድል ናይ ትምህርቲ መቐጸልታ ናይቲ መንግስቲ ኣብ ምምዕባል ዜጋታት ዘካይዶ ዘሎ ሓያል ዕማም ምኻኑ ብምምልካት፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ንዝጸንሖም ተመኩሮ ዝድርዕ ምኻኑ ብምሕባር፡ ንዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ዓጸፋ ከገልግሉ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ዝተወሃቦም ትምህርቲ ኣዝዩ ሓጋዚን እዋናውን ምኻኑ ዝሓበሩ ተመረቕቲ፡ ኣብቲ ስልጠና ዝተሳተፉ ኣደታት ቈልዑ፡ ደቀን ኣብቲ ኮለጅ ንኽእለዩ ዝተወስደ ስጉምቲ፡ ትምህርተን ብግቡእ ክዛዝማ ከምዘኽኣለን ብምሕባር፡ ምስጋናአን ገሊጸን።

# ሓጋዘ፣ ን120 ጸገማት ተመሃሮ ምሉእ ናውቲ ትምህርቲን ክፍሊትን ሓገዘ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ን120 ጸገማት ተመሃሮ ምሉእ ናውቲ-ትምህርትን ናይ መመዝገብን ድቪዛን ክፍሊትን ሓገዝ ተዋሂቡ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ ሓላፊት ኣሃዱ ልቓሕ ወይዘሮ ገኑት ሃብተ ኣብ ዝሃቡቶ ሓበሬታ፡ እቲ ሓገዝ ጸገማት ተመሃሮ ብሰንኪ ሕጽረት ናውቲ ትምህርትን ክፍሊት ገንዘብን ካብ ትምህርቲ ንከይሰናኸሉን ኣብ ዚይተደለየ ተግባራትን ጸገማትን ንኸይኣትዉን ዝዓለመ ኮይኑ፡ ወለድ ንደቆም ምድግጋፍን ምትሕብባርን ክገብሩሎም ኣተሓሳሲቦ።

ወይዘሮ ገኑት ኣስዒባ፡ እቲ ን120 ጸገማት ተመሃሮ ዝተገብረ ሓገዝ ንሓንሲ ወከፎም ምሉእ ናውቲ ትምህርትን ናይ ድቪዛን መመዝገቢን 500 ናቕፋን ኮይኑ፡ ብጠቕላላ 60 ሽሕ ናቕፋ ወጻኢ ከምዝተገብረሎም ጠቒሳ፡ ተመሃሮ ረኺቦሞ ዘለዉ ዕድላት ተጠቒሞም በላሕትን ተወዳደርትን ኮይኖም ንኽወጹ ክጽዕሩ መኺራ።

ወለዲ'ቶም ተማሃሮ ብወገኖም፡ መንግስቲ ብሩህ መጻኢ ደቆም ንምውሓስ ዝገብሮ ጻዕሪ ብምምስጋን፡ ዝበረ ጸገማት ብምቕንጣጡ ብዘይ ስክፍታ ደቆም ብስኡ-ምግባር ክኸብከቡን ብሉጻት ክኾኑ ዝኽእሎም ሓገዝን ምትብባዕን ክገብሩን ምኻኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ ሓላፊት ኣሃዱ ልቓሕ ወይዘሮ ገኑት ሃብተ ኣብ መውዳእታ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ መኾብሮ ተመሃሮ ብሓፈሻ ሰድራ-ቤታት ስውኣትን ጸገማትን ድማ ብፍላይ ንምምሕያሽ ሓያል ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ብምሕባር፡ እቲ ጨንፈር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 41 ዘኽታማት ቆልዑ ዝሓቖፉ 9 ሰድራ-ቤታት ንሓንሲ ወከፈን 30 ሽሕ ናቕፋ ብምሃብ ብጥሪት ከምዝጠየሰን፡ ን705 ሰድራ-ቤታት ስውኣት ልዕሊ 3 ሚልዮንን 150 ሽሕን ናቕፋ ደበስ ከምዝኸፈለን ብምምልካት፡ ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወርሒ ጥቅምቲ ድማ ን5 ኣሊዩቲ ዘኽታማት ብ150 ሽሕ ናቕፋ ክጣየሱ መደብ ተታሒዙ ምህላዉ ኣብሪሃ።




# ኣመራጽን ቱርኪን ኣብ ጉዳይ ሶርያ



ሳልሰዋይ ልኡኽ ኣመሪካ፡ ምስ መራሕቲ ቱርኪ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዶብ ሶርያን ቱርኪን እናገዘፈ ዝኸይድ ዘሎ ቅልውላው ንኽዘራረብ ዝሓለፈ ሓሙስ ርእሰ ከተማ ቱርኪ - ኣንካራ ኣትዩ። እዚ ዝኸውን ዘሎ ሶርያውያን ኩርዳውያን ኣብ ከተማ ኮባኒ ብዕጡቓት እስላማዊት ሃገር (ዳዕሽ) ተኸርዲኖም ኣብ ዘለውሉ እዋን'ዩ።

ብመሰረት ጋዜጣ ቱርኪ 'ሕሩየት'፡ ብኣመሪካ ዝምራሕ፡ ንዕጡቓት ዳዕሽ ዘጥቅዕ ዘሎ ልፍንታዊ ሰራዊት ንምውህሃድ ተመዚዙ ዘሎ ጀነራል ጆን ኣለን፡ ምስ ቱርካዊ በዓል ስልጣን ፈሪደም ስቨርልየግሉ ተራኺቡ ተዛራሪቡ። ካብቲ ከቢ ዝፍኖ ዘሎ ሓበሬታ ከምዝረድኦ፡ ምምሕዳር ኦባማ፡ መንግስቲ ቱርኪ ኑዩም ኣብ 'ከቢብ ኣትዩም' ዘለዉ ኩርዳውያን ንምድሓን ኣጋር ሰራዊት ክልእኽ ወይ ድማ ኩርዳውያን ዕጡቓት ነታ ከተማ ንምክልኻል ክፍቅድ ጸቒጢ ይገብረሉ ኣሎ። ፕረዚደንት ቱርኪ ጣይብ ኣርዶጋን ግን በዚ ሓሳብ ዛጊት ምስ ኣመሪካ ኣይተሰማምዐን። ቱርኪ፡ መንግስቲ ሶርያ ካብ ስልጣን ክወርድ፡ ኣብ ሶርያ ካብ በረራ ናጻ ዞባ ከምኡ'ውን ብኣመሪካ ዝሕሎ ኣብ ዶብ ሶርያን ቱርኪን ናጻ ናይ ጸጥታ ዞባ (buffer zone) ክምስረት እያ እትደሊ።

ዋሽንግቶንን ኣንካራን ብዛዕባ ኣል-ኣሳድ ንዘምርሖ መንግስቲ ንምእላይ ብመትከል ይሰማምዓ'ዮን። ብኸመይ ይተኣለ ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ግን ንጹር ፍልልያት ኣለወን። ብፍላይ ድማ ኣብ ኣተሓሕዛ ናይቶም ኣብ ከተማ ኮባኒ ተኸቢቦም ዘለዉ ሶርያውያን ኩርዳውያን ሚልሻ (YPG)።

መንግስቲ ቱርኪ ነቶም ኣብ ከቢብ ኣትዮም ዘለዉ ኩርዳውያን (YPG)፡ ካብቶም ንናጽነት ኩርዲስታን ዝቃለሱ ዝነበሩ ዕጡቓት ፒኬኬ (PKK) ፈልዩ ከምዝርእዮምን ካብኦም ዝተፈንጨሉ ምዃኖም'ዩ ዝዛረብ። ኣብ ሶርያ ሰፊሕ ከባቢታት ተቘጻጺሩ ዘሎ YPG፡ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ቱርኪ ኣብቶት ኩይኑ ተመሳሳሊ ምልዕዓላት ናይቶም ብቑጽሪ ብዙሓት ቱርካውያን ኩርዳውያን ክፈጥር ስለዝኽእል ከኣ ኣብዚ ሓደገኛ ምዃኑ ይገልጽ።

መንግስቲ ቱርኪ፡ ዳዕሽን ሶርያውያን ኩርዳውያን ሚሊሻን "ግብረሽበራውያን" ክብል'ዩ ዝገልጾም። ኣብ ከተማ ኮባኒ ኣብ ሃንሕድሕዶም ተናቖቶም ክሓቕሉ ድማ ባህጉ'ዩ።

ቱርኪ፡ ኣንጻር መንግስቲ ሶርያ ኣብ እትገብሮ ዝነበረት ወፍሪ፡ ንዳዕሽ ንምምንጓድ ካብ ዝሰርሓ ሃገራት ሓንቲ'ያ። ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ዝሓለፈ ሰሙን ከምዝተኣመነሉ፡ እታ ሃገር፡ ምስ ዕጡቓት እስላማዊት ሃገር ክጽንበሩ ዝደልዩ ኣሽሓት ዜጋታት ዝተፈላለያ ሃገራት ብዶባታ ንኽሰግሩ ኩነ ኢላ ኣፍቂዳ'ያ። ቱርኪ ሒዛቶ ዘላ መርገጺ ዘይድግፉ ወገናት፡ ኣብቲ ብዙሓት ቱርካውያን ኩርዳውያን ዝነብርሉ ከባቢ ፖለቲካዊ ናዕቢ ኣለዓዒሎም ኣለዉ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ኣንጻር መንግስቲ ኣብ ዝተወልዐ ናዕቢ'ውን 22 ሰባት ሞይቶም'ዮም። በዚ ከኣ መንግስቲ ቱርኪ፡ ኣብ ደቡባዊ ቱርኪ ኣብ ዝርከባ ሽዱሽተ ዞባታት ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ኣውጁ። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ፖሊስ ቱርኪ ምስ ዳዕሽ ብምውጋን ኣንጻር ኩርዳውያን ከምዝቃለሱ ብቕሉዕ ገሊጾም። ኣብቲ ምስ ኩርዳውያን ኣብ ጉድናታት ቱርኪ ዝተኻየደ ግጭት ድማ ን'ዳዕሽ' ዝድግፍ ጭርሖታት ብምልዓል ደገፎም ብዕሊ ገሊጾም።

ምምሕዳር ኦባማ፡ ናብ ሶርያ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ንኸእቱ ጸቒጢ ክገብረሉ ጸኒሑ'ዩ። እዚ ዝደልዩ ድማ ወተሃደራውያን ናይ ሰሊያ ትካላት፡ ኩርዳውያን መሓዙት ካብ ሰሜናዊ ዒራቕ ከምኡ'ውን ንኹናት ዝትኽትኹ ገለ ወገናት ሪፓብሊካንን ዲሞክራትን'ዮም።

በዚ ድማ ነፈርቲ ኩናት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ 'ዳዕሽ' ክገብራኦ ዝጸንሓ ደብዳብ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ'ታ ተኸርዲና ዘላ ከተማ ኮባኒ ደብዳበን ኣሐይለናኦ ኣለዋ። እንተወሓደ ከኣ ንግዚኡ ገስጋስ ናይቲ ሓደ ሰሶ ናይቲ ከባቢ ተቘጻጺሩ ዝጸንሐ 'ዳዕሽ' ዘዘሓለ ደብዳብ ይመስል ኣሎ። ዕጡቕ ሓይሊ እስላማዊት ሃገር ንከተማ ኮባኒ ንምቁጽጻር፡ ተደራቢ ሓይሊ ካብ ከተማ ራቃ (ውድዓዊት ርእሲ ከተማ እስላማዊት ሃገር) ይውሕዞ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ።




መንግስቲ ቱርኪ፡ ኣብ ጉዳይ ሶርያ ፖሊሲኡ ንኽቕይር ብርክት ዝበሉ ሰብስልጣን ናብ ኣንካራ ክገዩ ጸኒሖም'ዮም። ዋና ጸሓፊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ(NATO) ጀንስ ስቶልተንበርግ፡ ምስ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ቱርኪ መቭሉት ካቩሶግሉ ድሕሪ ምርኻቡ፡ እቲ ቱርካዊ በዓል ስልጣን ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ቱርኪ ንበይና ኣጋር ሰራዊት ከተንቀሳቕስ ኢልካ ምጽባይ ግብራዊ ኣይኮነን" ድሕሪ ምባል፡ ናይ ሓባር ምርድዳእ ምስ ተበጽሐ ግን ቱርኪ ደገፉ ካብ ምሃብ ድሕር ከምዘይትብል ኣረጋጊጹ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ሓደ ስሙ ዘይተገልጸ ሳልሰዋይ በዓል ስልጣን ቱርኪ፡ ሃገሩ ስጉምቲ ብዘይምውሳዳ ንዘለዋ ወገናት ብምንጻግ፡ ነቲ ኣብ ሶርያ ዝቕጽል ዘሎ ኣዕናዊ ፍጻመታት ንምፍታሕ ዋላ ሓንቲ ከየበርከቱ ኣብቲ ዞባ ገፊፍ ክብሉ ንዝጸንሑ ምዕራባውያን ወቒሱ።



ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ቱርኪ ከምዝሓጸሮ፡ ዝኾነ ኣብ ሶርያ ዝግበር ምትእትታዋት ንመንግስቲ ሶርያ ንምዕላው ክኸውን ኣለዎ። ባሻር ኣብ ስልጣን ክሳብ ዝሃለወ ኣብ ሶርያ ምፍሳስ ደምን ጃምላዊ ቅትለትን ደው ክብል ዘይምኳኑ ከኣ የገጽር። ቱርኪ ትጠልቦ ዘላ ካብ በረራ ናጻ ዞባን ናጻ ናይ ጸጥታ ዞባን፡ ዋላ'ኳ ፈረንሳ እንተደገፈቶ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኣቐዲሙ ከምዘይተዛራረበሉ'ዩ ዝገልጽ ዋና ጸሓፊ ናይቲ ኪዳን። በዚ ጉዳይ ካብ ፔንታጎን ዝፍኖ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ ሃንሕድሕዱ ዝገራጮ'ዩ። ኣፈኛ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ፔንታጎን፡ ናጻ ናይ ጸጥታ ዞባ ዛዕባ ናይ ዝቕጽል ዝርርባት ምዃኑ'ዩ ዝገልጽ። ብኣንጻሩ ዋይት ሃውስ፡ እቲ ዛዕባ ኣብ ግምት ዘይኣተወ ምዃኑ ይዛረብ።

እዚ "ኣብ ሃንሕድሕዱ ዘይቃዶ ጸብጻባት" ኢልካ ጥራይ ክሕለፍ ኣይግባእን። ብቐንዱ ነጸብራቕ ዘይምስናይ ፖሊሲ ኣመሪካን ቱርኪን ኣብ ጉዳይ ቅልውላው ሶርያ'ዩ። ዋሽንግተንን ኣንካራን መንግስቲ ሶርያ ክህሉ ዝደልያ ኣይኮናን። ናይ ቀረባ ዕላማ ቱርኪ ኩርዳውያን ተቓወምቲ'ዮም። ምምሕዳር ኣመሪካ ግን ብዳዕሽ ኣመኺንዩ ኣብቲ ዞባ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከበርኽን ከስፋፍሕን'ዩ ዝደሊ። ዋላ'ኳ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ፡ ነቲ "ኣሰቃቕን ኣሰብኣውን" ዝበሃል ተግባራት ዳዕሽ፡ ማለት ምስያፍ ጋዜጠኛታትን ሰራሕተኛታት ረድኤትን ጽዑቕ ሽፋን ዝሀባኦ እንተኾና፡ እዚ ጉጅለ ዝዓበየ ስግኣት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ምዃኑ ዘረድኡ መግለጺታት ግን ካብ ሓቂ ዝርሓቑ ምዃኖም'ዩ ዝእመን።

ብመሰረት ኣብ መርበብ ሓበሬታ politico.com ዝሰፈረ ሓተታ፡ ዕጡቕ ሓይሊ እስላማዊት ሃገር 30 ሽሕ ዝበጽሑ ተቓለስቲ'ዮም ዘለውዎ። እዚ ቁጽሪ ምስ ቁጽሪ ዕጡቓት ናይ ነፍሲ ወከፍ ኑቲ ሓይሊ ዝቃወሙ ሓይልታት ክነጻጸር እንከሎ ውሑድ'ዩ። ኣብ ዞባ ኩርዲስታን ዒራቕ፡ ንናጽነት ኩርዲስታን ዝቃለሱ 'ፔሽመርጋ' ከምኡ'ውን መንግስታት ዒራቕን ሶርያን ዝጠዘሐ ሰራዊትን ኣጽዋርን ዘውንኑ ኩይኖም፡ ንዳዕሽ ከቢቦሞ ዘለዉ ሓይልታት'ዮም።

ቱርኪ ብወተሃደራዊ ዓቕሚ ኣብ ዓለም ኣብ 6ይ ደረጃ ትስራዕ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ድማ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ። እታ ሃገር፡ ሙብዛሕትኡ ስርሓት ኣመሪካን ኤውሮጳን ዝኾነ ኣጽዋር ዝዓጠቐ፡ ኣስታት 700 ሽሕ ሰራዊት ትውንን። ብዘይካ'ዚ ቱርኪ ብቑዕ ሓይሊ ኣየር ኣለዋ። እዚ እናኾነ ግና ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶ፡ ዝጉበሮ ዘሎ ወተሃደራዊ ምትእትታው ምኽኑይ ንምግባሩ በቲ ሓደ ወገኑ፡ ቱርኪ ናብቲ ኩናት ኢዳ ንኽትሕወስ ንምእማን ድማ በቲ ካልእ ወገን ዳዕሽ ንቱርኪ ስግኣት ምዃኑ'ዩ ከእምን ዝጽዕር ዘሎ።

ኣመሪካን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ኔቶን፡ ንቱርኪ ኣብ ኩናት ኣንጻር ዳዕሽ ንምጽንባር ኣበርቲዐን ኣብ ዝሰርሓሉ ዘለዋ እዋን፡ ዝሓለፈ ሰሙን ካቢነ ሚኒስተራት ቱርኪ፡ ንፕረዚደንት'ታ ሃገር ወተሃደራት ናብ ዶብ ንኽልእኽ ዘፍቅድ ስልጣን ሂቡዎ ኣሎ። በዚ ዝተቘጥዐት ኢራን ኑቲ ውሳኔ ብትሪ ተቓዊማቶ'ያ። ካብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ቀንዲ መሓዛ መንግስቲ ሶርያ ምዃና ዝንገረላ ኢራን፡ ቱርኪ ንልኡላውነት ሶርያ እንተጥሒሳ ክዕረ ዘይክእል ሳዕቤን ክወርዳ ምዃኑ'ያ ተጠንቂቓ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ማርዚየህ ኣፍኻም፡ ብጠለብ መንግስቲ ሶርያ፡ ቴህራን ኣብ ከተማ ኮባኒ ንዘለዉ ዕጡቓት ዳዕሽ ዝቃለሱ ሰራዊት ክትልእኽ ቅርብቲ ምዃና ሓቢሩ'ዩ። "ከተማ ኮባኒ ክፋል ልኡላዊ ግዝኣት ሶርያ እያ፡ መንግስቲ ሶርያ ዝኾነ ሓገዝ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ድማ ድላዩ ዓይነት ሓገዝ ክንህብ ቅሩባት ኢና" ክብል ድማ ተሰሚዑ። ኢራን ኣቐዲማ ኣብቲ ምስ ዒራቕ ዘራኽብ ዶባት ምናልባት ጉጅለ እስላማውያን ሱና ኣብ ግዝኣት ኢራን እንተተጸጊያም ኣንጻር ዳዕሽ ዝዋጋኡ ወተሃደራት ክትልእኽ ምዃና ኣፍሊጣ ነይራ'ያ።

ኣብ መንጎ ኩሎም ኣብ ጉዳይ ቅልውላው ሶሪያ ዝሳተፉ ዘለዉ ሓይልታት ዝርአ ዘሎ ዝተሓላለኸ ፍልልይ ብቐንዱ መግለጺ ናይቲ ብዛዕባ ካልኦት ዘይሓስብን መጣቓሰን ፖሊሲ ኣመሪካ ኣብቲ ዞባ ምዃኑ ክኢላታት ፖለቲካ ናይቲ ከባቢ የረድኡ። ኣመሪካ ዘቐስቀሶ ኣብ ምብራቓዊ ወገን ሶርያን ምዕራባዊ ወገን ዒራቕን ዝቕጽል ዘሎ ኩናት ኩኖኡ ክዓቢ ምዃኑን ካብ ማእከላይ ምብራቕን ስግሩን ድማ ብቐሊሉ ዘይጠፍእ ሓያል ባርዕ ክስዕብ ዕቑር ተኽእሎ ከምዘለዎ ከኣ ወሲኾም የጠንቅቑ።

# ስቖራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

<u>2ይ ክፋል</u>

እቲ ምህርን ጹሓፈን ናይ ሱልቦና፡ ሕርቃናን ገራጭ መልሳን ኣየሰምበዶን። ዝያዳ ደኣ ደንገጹሉ፡ ክሳብ ክንደይ ከምዝተጎድኣት ይፈልጥ'ዩ። ንሕርቃና ሃዲኡ ሰሚዑ፡ ስምዒታ ምስ ኣተንፈሰትትሕትና ሓዊሱ ክዛረባ ጀመረ፡ “'ንሳቶም ዝገበርዎ በደላት ቀሊል ኣይኮነን!” በሎ፡ ቀጺሉ፡“ብፍላይ በዓልቤትኪ በዓሉ'ዩእኣምን'ዩ። ናትይ ሓሳብት ግን'ንሳቶም፡ ቅሩዓት ኣለዉ' ማለት ኣይኮነን። ግን . . ንእቲ ሕማቕም ኣይትዘክርዮ። 'ምሕረት ሃብዮም' ክብል እንከለኹ፥ሓልዮት'ዩ። እዚ ድማ፡ንስኺ፥ቲ በደላት ክትዝክርዮ እንከለኺ ወሽጥኺ ብሕርቃንን ስቓይን ይብላዕ ኣሎ። ካብ'ዚ ቃንዛ'ዚ ንኽትወጽኢ ምሕረት ሃብዮም፡ ካብ ወሽጥኺ ረስዕዮም። ድሕሪ'ዚ፥ ሰላም ክትረኽቢ ኢኺ። ንስኺ ክትሓርቂ ክትብሳጨዊ ከተስተማስሊ ክትቐዝዝዊ ክትቓዘዚ . እንከለኺ፥ ንሳቶም ኣይስመዖምን ዘለዉ። ንኹሉ ጸገማት ተሰኪምኪ ዘለኺ ንስኺ ኢኺ። ዚ ኣብ ግምት የእትወየ። ስለዚ፥ ስለ ነብስኽን ደቅኽን ኹሉ ረስዕኺ ብዛዕባ ህይወትኪ ሕሰቢ።” ሓሳቡ ዳግም ኣኻፈሎ።

ንሱ፥ ንሱ እናተዛረበ እንከሎ ምስ ነብሳ ወናኣን ተዕልል ነበረት። እቲ ሓሳቡ ዳሕራይ ተቐቢላቶ'ያ። ግን . . እቲጽልኢ ኣይሰኸከን።በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ጸገማ። ኣይገበረቶን። ኣካላታ እናፈረሰ ከደ። ዝተረበሸ መንፈሳን ሕልናኣን ኣብ ንቡር ኣይተመለሰን። ካብ ወረደዋ ዝበረ ሕማም ኣይተገላገለትን። ሕማም በዚሑ። ድሕሪ'ዚ፥ እትፈትዎም ደቃ ጠንጢናቶም ደቂ ሰብ ዘዕርፍሉ ንቡር ስፍራ ሓሊፋ።

# ይቕረታ ንመን?

ምሕረት ምግባር ኣብ ሕብረተሰብ ባህላውን ልምዳውን ክብርታት ኣለዎ። እዚ እናርኣኻ ከምዘይረኣኻ፥ እናሰማዕካ ከምዘይሰማዕካ፥



እናፈለጥካ ከምዘይፈለጥካን እናደለኻ ከምዘይደለኻን ... ኺይንካ ምኻድ ሓደ ኣካል ናይ'ዚ እዩ። እቲ ምሕረት ዝህብ ፍጡር ንኡበሱ ምሕረት ይእዝዞ። ምሕረት ኣብ ስድራ-ቤት፥ ናብራ፥ ምሕዝነት፥ ስራሕን ካልእን ምግባር፥ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብሰላም ንምንባር ምእዋጅ'ዩ። እዚ ኣዋጅ እዚ ድማ ወጽኢት ናይ ምሕረት'ዩ።

ኣብ ስድራቤት፥ ማሕበራዊ ሕቶታት ዘልዕሎ ምስሕሓብት ይፍጠሩ'ዮም። ኣብ ሓዳር ሰብኣይን ሰበይትን ብናብራ ይተፋትሑ። ኣሕዋት፥ ንዋናታቱ ዘይኮነ ናይ ገዛእ ስጋ ጥቕሚ ኣብ ክልተ ጫፍ ኮፍ የብሉም። ኣብ ሓደ ገዛውቲ ዝነብሩ ጎረባብቲ ብቑልዑ ይኹን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይተናኸፉ፥ መተኣ ኣዕሩኽን መሓዛትን ወሽጥኻ ብዘይምውህሃብ ብናይ ተበላጽ ስምዒት ይጠማመቱ፥ መሳርሕቲ ብዝተዋህበ ናይ ስራሕ ድልድል፥ዕማም፥ ግዜን ዘይምትእምማንን ኣብ ጥርዚ ይበጽሑ። . . . እዚን ካልእን ጉዳያት ናይ'ዛ ዓለም እዚኣ ብጥቕምን ስስዕትን ዝለዓል'ዩ። ኣብዚ ጉዳያት'ዚ፥ እወታዊ፥ ኣሉታዊ ሸነኽ ዘለዎ ስጉምትታት ይውሰድ። እቲ ስጉምቲ ወይ ውሳኔ ንስድራቤት. . . ካልኣትን ስምዒታት ዝኸፋፍል ሓደገኛ ተርእዮ ይኸውን። እቲ ነገራት ብዓይኒ ጥቕሚ ዝጥምት፥ ዓይኑ ስለዘየውር፥ ኣፉ ሃህ ስለ ዝብልን ማዕልቦ ስለ ዘይብሉን ሓደገኛ ስጉምቲ ይወስድ። ጌጋ መገዲ ይኸይድ። ነቲ ዝላስቦ ሕማቕ ሓሳቡ ብዘየወረ ሕልንኡን መንፈሱን ኣይርእዮን። ንፍቕሪ ምርድዳእ፥ ስላምን ሓልዮትን ስድራቤት ክፋለበን ክርእዩን የዋህነት'ዩ። ስለዝኾነ፥ ዓይኑስወር፥ ዓይኑስወራት ክመርሕ እንተፈቲኑ ተታሓሒዞም ናብ ገደል'ዮም። በዚ ድማ፥ ስድራቤታት ኣብ ሓደጋ ይወድቃ። ጌጋታት ይደጋገም። ይኸመር። ስድራቤት፥ ስድራቤታት ምኽንያን ተሪፍወን ይተፋነሳ። ዝ፥ ንቕሓ ኣእምሮ የድልዮ። እቲ ጉዳይ ናበይ ገጹ ምኻኑ ዝጥምት ኣእምሮ። እዞም ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፥ ንኽብርን ሕልናን መንፈስን ... ጸቡቕ ነገራት ዕሸሽ ብምባልን ምትፍናን ዝሰርሑ፥ ኣዕዉቲ'ዮም። 'ስለምንታይ ግን እዚ!?' ስድራቤት፥ ረብሓታት ዘቖመን ናይ ረብሓ ትካላት ኣይኮናን። ዝ፥ በዚ ኣምር'ዚ ዘይጥምት ህሩፍ ዘይዓግብ ሸውሃት፥ስድራቤት ክሳብ ዘይነቕሓሉ ኣብ ሓደጋ ክድርብዮን ዘለዎ ተኽእሎ ቀሊል ኣይኮነን።



ህይወት ጉዕዞ'ያ፥ ኣብ ጉዕዞ ድማ ትፍተን። ጉዕዞ ህይወት ጥንቃቐ ዝሓትት መገዲ'ዩ። ከምቲ ዝተፈላለዩ ሕብርታት መብራህቲ ናይ ትራፊክ (ሴማፎሮ)፥ ህይወት'ውን ሕብርታት ኣለውዋ። እዞም ሕብርታት ምልላዮም ረብሓኡ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ድማ፥ መገዲ ህይወት እንተዘይለሚዱ ኣይሕርፍፍን። እዚ፥ ነቲ ኣብ ህይወት ዘጋጥም ነገራት ንምቕባል ይሕግዝ። ዓለም ብጸቡቕ ሸነኻ ጥራይ ኣይትረአን'ያ። ማዕረኡ - ዝተፈላለዩ በደላት፥ ጸገማትን ስቓያትን ዝተፈራረቕዋ'ያ። ፈተና ዝበዝሓ'ያ። ዚ ብጺጋ ምቕባል ጺጋ'ዩ። ብናይ ትማሊ ስቓይ ምስቓይ፥ ምሕሳብ ጸባሕ'ውን ካልእ ውድቀትን ስቓይን . . . ሒዛ ትሓድር። ዚ ንምስዓር - 'ውድቀት ትማሊ፥ እንታይ'ዩ ...!? ስለምንታይ!? ...' ዝን ካልእን ምንባብ፥ ጸባሕ ዝኸፍኣ ሒዛ ከይትመጽእ ይሕግዝ። ዝሓለፈ ጸገማት፥ ሽግራት፥ በደላት . . . እናተገንጸለ ንኹሉ ከም ኩነታቱ ምቕባል መፍትሕ'ዩ። እዚ እናተገበረ'ውን መን ይፈልጥ!? - ካልእ ሕልኽላኽ ህይወት ይስዕብ። እዚ'ውን ዝሓልፍ ምኻኑ ምእማን። ህይወት ንጸገማት ክትብድህ ብኸሉንትናኣ ድልውቲ ምግባሩ ኣማራጺ'ዩ። እዚ ኣማራጺ'ዚ፥ መፍትሕ ናይ ጸገም ኣብ ኣድ ክቕመጥ ይሕግዝ። ነብሱምሕታት፥ ነብሱምድላው ነቲ ዕረ መዓር፥ ነቲ መጺጽ ምቕር ... ይገብሮ። ብጸህሀታን . . . ቃንዛን ... መጻኢኣ ይቕምስልን። ቀሳሊ ህይወት ኣይሕከኽን። በዚ፥ መከራን መሪር ህይወትን ኣካል ናይ ህይወትን ፍጥረትን ይወሰድ። እዚ ድማ ነቶም ከስከስትን ኣገድቲ ሓዊን ጸፍዒት'ዩ። ዚ ኹሉ ጸገማት ናይ ህይወት ንምፍታሕን ንምፍዋስን ወናኒቱ መን'ያ? እንተደኣ ኢልና ግን እቲ መልሲ - ምሕረት'ያ።

ክልተ ሰባት ኣብ ሓደ ኢጋርጋማ ብሓደ ይነብሩ። እዞም ሰባት ኣብ ሓሳባት ኣይተረዳድኡን ተፈላልዮም። ፍልልይ ናይ ሓሳቦም ኣየኽበሩን። በዚ ምኽንያት፥ ተረጋጊጾም ምሕላፍ ጀመሩ። ክልቲኦም ኣብ'ቲ ኢጋርጋማ ኣብ ዝራኸብሉ እዋን ኣካላቶም ብጽልኢ ይንፋሓሑ። ሕዋሳት ኣካላቶም ዘይንብር ምንቅስቓስ ይገብሩ። ጭዋዳን ሰራውር ደምን ይግተሩ። ጸገም ዝረኸቡ ከናፍር ብኣስናን ይንከሱ። እቲ ሓደ ካብቶም ክልተ፥ ዝፈትዎ ገዛኡ ገደፈ። እዚ ምስ በዝሐ 'ስለምንታይ ደገ-ደገ?' ነብሱ-ሓተተ። “እቲ ዝፈትዎ ዝነበርኩ ገዛይ ጸሊኦዮ?” ድማ በለ። ብምኽንያት ጽልኢ ናይ'ቲ ሰብ ኣብ ገዛኡ ከዕርፍ ከምዘይከኣለ ይኣምን። ነቲ ሰብ ፈጺሙ ክርእዮ ኣይደለየን። ኣብ ስራሕ ውዒሉ ከቢ ገዛውቱ ክበጽሕ እንከሎ ርእሱ ክሓምምን ድሕሪት ዘብል ሓሳብ ክሕዞን ሓደ ኾይኑ። ኣብቲ ሰዓት'ቲ ገዛኡ ኣይኣቱን። ንድሕሪት ድማ ይምለስ። ብዘይ መደብ ድማ ኣብ ደገ ይምገብ። ናብራኡ ብፍቓዱ ልዕሊ ዓቕሙ ኮነ። ኮይኑ ኣብ ሓደ ጽሑፍ (‘ፐርፌክት ሃፒነስ ኢዝ ኣስኪን ኤ ሎት . . .’) ኣንበበ። ምሉእ ሓጎስ ክትረክብ ማስዋእቲ፥ ተጻዋርነት፥ ትዕግስቲ . . . ይሓትት፥ ዝስምዕ ጽሑፍ'ዩ። ሓሰበ። እንታይ ይገብር ከም ዘሎ ብዕትበት ሓሰበ። ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ምስ ነብሱ ተዛረበ። ብተደጋጋሚ ዝዘበጦ ህሉው ኩነታቱን ምስ ናይ ዓለም ነገራትን ብምግንዛብ ንሓሳባት ግዜ ሸመተሉ። ድሕሪ'ዚ ኹሉ፥ ፍልልያቶም ከጽብብ መረጸ። ነቲ ሰብ ኣብ ጠረጴዛ ብኣካል ረኸቦ። ኩሉ ‘ተበዲለ'የ’ ዝብሎ ዘርዝረሉ። ኣብ ዝቐጸለ ብዛዕባኡ ከምዝይሓስበን ምሕረት ከምዝገበረሉን ከኣ ገለጸሉ። እታ ኢጋርጋማ ሰላም ረኸበት። ሺሻይ'ውን ኣይጎደለን።

ንሱ፥ እቲ ምሕረት ዝለበ፥ እቲ ምሕረት ዝተቐበለን ድሕሪ'ቲ እዋን'ቲ ሰላም ከምዝረኸቡ ይዛረብ። “እዚ ግን . . .” ይብል፥ እቲ ምሕረት ዝለበ፥ “መናግርተይ ሰብ ጸኒሑ። በደሉ'ውንመጀመርታ'ዩ ነይሩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ'ውን እቲ ናይ መረዳድኢ ጠረጴዛ ክፉት ምንባሩ፥ ንምሕረት ትብዑት ፈጢሩለይ። ንድሕሪት ዘበለኒን ገዛይ ዘጽልኣኒን ዝበረ ካብ ርእሰይ ወረደ። ብሰላም ህይወተይ ክመርሕ ጀመርኩ” ይብል።

ይቕጽል


መም/ ኣያብ ርእሶም



መሓመድ-እድሪስ መሓመድ

# ኣቡጓይላን ብጾቱን

5ይን ናይ መወዳእታን ክፋል



መሓመድ እድሪስ መሓመድ (ጸሓፊ ዛንታ)

እታ ተሰቒልናያ ዝነበርና ቶዮታ ዝዓይነታ ንእሽቶ መኪና፡ ሑጻ በርቲዑዋ ነታ ኦራል ተኣሊና ምስ ኣሕለፍናያ፡ ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ድኻም ተሰመዓና። ኣባ-ጓይላ ከዕርፍ ስለ ዝደለየ "ኣታ መሓመድ እድሪስ ብጻይነት ኣይትፈልጥን ዲኻ! ንዓ'ባ ቀም ከብል በጃኻ ቦታ ቀይረኒ" እናበለ ካብ'ታ ተኾርምየ ኮፍ ኢለያ ዝነበርኩ ምቹእቲ ቦታ ከተንስኣኒ ወጠጥ ተባሃልና። ኣብ መወዳእታ "ሕራይ በል ንዓ ሓንሳብ ቀም ኣብል" ኢለ ከይፈተኹ ንግዜኡ ተንሳእኩሉ። ብመንጎ ኣርኮ ናይ'ታ መኪና ርእሰይ ኣሕሊፈ፡ ብመብራህቲ ናይ'ታ መኪና እናተሓገዝኩ ንቕድመይ ቦታታት እናተዓዘብኩን ምስ'ቲ ኣብ ጎድነይ ምስ ዝነበረ ወዲ በርሀ እናዕለልኩን ባህ ኢሉኒ እጓዓዝ ነበርኩ።

ኣብ መንጎ ዕላል፡ ብሓሳብ ምስ ኣባ-ጓይላ ናብ ዘሕለፍናዮ ሂወት ተዓዘርኩ። ናይ'ቲ እዋን እቲ ሓንቲ ፍጻመ ብዝዘከርኩ ድማ፡ ሰሓቕ መሎቐኒ። ብባህረይ ስቕተኛ ስለ ዝኾንኩ፡ በዓል ጽጋብን ወዲ በርሀን ሃንደበት ብምስሓቐይ እናተገረሙ "እሂ'ታ እንታይ ዲኻ ኮይንካ?" ኢሎም ሓተቱኒ'ሞ፡ እንታይ ከም ዘስሓቐኒ ከይፈለጡ ንሳቶም እውን ሰሓቑ። "ኣብ ገረግር ኣስመራ ኣባ-ጓይላ ዝገበሮ እንድየ ዘኪረ" በልኩዎም፡ እናተነኻነኽኩ።

ኣብ 1983 ኢዩ። ኣብ ራብዓይ ክፍሊ መርመራ እናገበርና ከለና፡ መራሒ መስርዕና ስዉእ ጸጋይ (ኣክላ) ኣብ መንጎ ፈተና መጺኡ፡ "ኣባ-ጓይላ ሕጂ ናብ ጦፍ ክትብገስ ኢኻ" ምስ በሎ፡ ኣባ-ጓይላ ትቕብል ኣቢሉ "ካብ'ዚ ግናይ ፈተና'ባ እንቋዕ ኣገላገልካኒ" እናበለ ብቕልጡፍ ዕጥቁ ዓጢቑ፡ ብዝተዋህቦ መምርሒ፡ ናብ ጸጋማይ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተበገሰ።

ኣብ ሳልስቱ ካብ ጦፍ ምስ ተመልሰ፡ ነቲ ዝሓለፎ ፈተና ምእንቲ ክፍተን ንበይኑ ኣብ ክፍሊ ክኣቱ ተነግሮ። ምሉእ መዓልቲ ቁጽሪ፡ ስነፍልጠት፡ እንግሊዝ እናበለ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ክፍተን ወዓለ። መምህራን ናይ'ታ ጋንታ ስዉእ ተወልደ ኣርኣያን ብንያም ሃይለን እዮም ነይሮም። ኣባ-ጓይላ እናተፈተነ ከሎ፡ መምህር ተወልደ - ጸጸኒሑ ናብ'ቲ ክፍሊ ምቕልቃል ምስ ኣብዝሖ፡ ኣባ-ጓይላ "ወይለይ እንታይ ደኣ ምልስልስ ተብዝሕ፡ ካብ መን ከይቀድሕ ፈሪሕካ!" በሎ። ንበይኑ ይፍተን ከም ዝነበረ ከዘኻኽሮ።

ኣባ-ጓይላ ፈተና ወዲኡ ወጽአ። መምህራን ኣብ ጥቓኡ ስለ ዘይነበሩ፡ ናይ ፈተና ወረቓቕቱ ብኣጋ ኣየረከበን። ክሳብ ዘረክቦም ኣብ ጎኑ ብእምኒ ጸቒጡ ብምቕማጥ፡ ስረኡ እናሰፈየን ኣብ ዕጻፍ ናይ ስረኡ ዘዝጸንሑዎ ቁማላት ሃሃዲኑ እናቐተለን ከሎ፡ ወረቐት ምብላዕ ዝለመደ 'ትሪስ' እንብሎ ወጠጦና፡ ነተን ወረቓቕቲ መንጢሉ ክሕይኽን ጀመረ። ኣባ-ጓይላ ድማ "ዋይ መርመራይ" እናበለ ደድሕሪ'ቲ ወጠጦ ክጓየ ከሎ ብማዕዶ ምስ እናረኣናዮ ሰሓቕ ክርትም ኢልና። ነቲ ወጠጦ ምስ ኣርከቦ፡ ናይ ፈተና ወረቓቕቱ ፍርቁ ተዋሒጡ ፍርቁ ድማ ካብ ኣፍ ወጠጦ መንጢሉ ኣከቦ። ሽዑ ናብ መምህሩ ብምኻድ "ስማዕ ወዲ-ኣርኣያ - ካብ'ዚ ንንየው መርመራ ክትገብር ኢኻ ከይትብለኒ። ሚእቲ ካብ ሚእቲ ዝደፈንኩዎ ፈተና ትሪስ ወጠጦና በሊዑዎ እዩ። እንተ ዘይኣሚንካ ሓሪድካ ውጽኢት ፈተናይ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ" በሎ። ቀጺሉ ከኣ "ቀደሙ'ውን ነዚ ስለ ዝፈለጥና ኢና እዚ ወጠጦ ከየዕነወና ከሎ ንሕረዶ ዝበልናኩም። ጽባሕ ንግሆ መዓት 'ደኩመንት' ጋንታና ምስ በልዐ ክፍለጠኩም እዩ" ብምባል ኣንጸርጸረ።

ነቶም ኣብ'ታ መኪና ኣብ ጎድነይ ዝነበሩ ዮናስ፡ ጽጋብን ወዲ-በርሀን ከዕልሎም ከለኹ፡ ኣባ-ጓይላ ይሕርንኽ ነበረ። እቶም ካልኦት ከኣ ሓንሳብ እናተታኸሱ ሓንሳብ ድማ እናተበራበሩ ንጓዓዝ ነበርና። እቲ ጉዕዞ ከኣ ኣመና ደስ ዝብል ነይሩ።

መራሒ መኪና ኣረፋይነ (ሰብዒን) ኣብ'ቲ ሑጻ ዝበዝሖ ሩባ ወድጋን ስቴርሶ ዓትዒቱ፡ ካብ ቀንዲ ጽርግያ ሓንሳብ ንየማን ሓንሳብ ንጸጋም እናጠምዘዘ ደድሕሪ'ተን ዝሓለፋና ኦራልን ቶዮታን ክሕምበብ ከሎ፡ ንሕና ድማ ነዕልል፡ ንስሕቕን ንጫረቕን ነበርና። ኣብ'ቲ ምቁር ዕላልና ከኣ ሓድሽ ክስተት ኣጋጠመ።

ኣብ'ዛ ሰዓት እንታይ ከም ዘጋጠመኒ ኣይፈልጥን። መኪናና ሩባ ወድጋን ወዲኣ፡ ዜሮ ሓሊፉ ዓቐበት ናይ ሓጽረት ምድያብ ምስ ጀመረት እዩ፡ ነቲ ኣብ ዕሙር ዕላልን ሰሓቕን ዝተፈለኹዎ ጉዕዞ ብድምጺ ናይ'ቲ ብቓንዛ ዘዕለብጥ ዝነበረ ዮናስ ተበራቢረ ዝተመለስኩዎ። ዮናስ ካብ መጠን ንላዕሊ ይቕንዞ ስለ ዝነበረ ካብ'ቲ ተጋዲሙዎ ዝነበረ ኮፍ መበሊ ናባይ ጸደፈ። ነብሰይ እውን ኣብ መንጎ ክልተ ኮራሲ ናይ ማኪና ኣብ ቃሬዛ ጥንቅልዒት ተጋዲማ ረኺብኩዋ። ኣእጋረይ ከንቀሳቕስ እንተ ፈተንኩ ወይከ! መሓውረይ ዘይናተይ ኰይኑ ተሰመዓኒ። ንሓኪም ኣለም በየነ እንታይ ድዩ ረኺቡና?" በልክዎ። መኪናና ተገምጢላስ፡ ኣብኣ ጽዒኖም ይወስዱና ኣለዉ ዝብል ግምት ነይሩኒ።

ጆን ከምኡ'ውን ወዲ በርሀ ድማ፡ ኣብ ሓደ ጨፍ ናይ'ቲ ኮፍ መበሊ ኰይኖም ክቕንዘዉ ረኣኹዎም። ቀያሕታይ እውን ኣብ ቅድሚት ኰይኑ ይቕንዞ ነበረ። እቶም ካልኦት ግን ኣብ'ታ መኪና ኣይነበሩን። ዜሮ ድሮ ሓሊፍናዮ ብምንባርና ግን ኣብኡ ዝወረዱ ኰይኖም'ዮ ተሰሚዑኒ። ኣብ ወጋሕታ ከኣ ሕክምና ክፍለ ሰራዊት 85 ሓጥረት በጻሕና።

ኣብ'ቲ ምኡዝ ዕላል ኣብ ወድጋን እዩ እቲ ክስተት ኣጋጢሙ። እቲ ሃለዋትና ኣጥፊኡ ንመሰዋእትን መውጋእትን ዘብጽሓና ቅጽበታዊ ድምጺ ኣይሰማዕኩዎ ኣይረኣኹዎ። ሓንቲ ነታጒ፡ እታ መኪና ንሓያሎ ሜትሮታት ንላዕሊ ዘሊላ ኣንፊታ ክትቅይር፡ ኣባ-ጓይላ፡ ኣብ'ታ ቀም ዘበለላ ንሓዋሩ ክድቅስ፡ ወዲ ሃይለን ጽጋብን ድሮ ሂወቶም ክትሓልፍ፡ ኣነ እውን ሕቘይ ተሰይሩ ርእሰይ ናብ መሬት ጠልጠል ክብል ንእለቱ ኩሉ ነገር ተፈጺሙ። እቶም ሰለስተ ስውኣት ኣብ'ታ ዝወደቑዋ ሩባ ወድጋን ተሪፎም። ነብስና ተሓጺብና፡ ጥዑም እናሸተትና ክንጽንበሮ ዝሃረፍናዮ እንግዶት ናይ ዜሮ ብሓዘን ተተኪኡ። ማሕሙድን ሰብዒንን ንሳልስቲ ምዝራብ ስኢኖም ቀዚዞ በሉ። ማሕሙድ ነቲ ኣብ 1979 ኣብ ድብያ ማህሚመት ምስኡ ዝነበረ ብጻዩ ኣባ-ጓይላ ንሓዋሩ ተፈልዩዎ።

እቲ ኣብ ጎነይ ተጋዲሙ ብቓንዛ ዘዕለብጥ ዝነበረ ዮናስ ወጋሕታ ወጋሕታ ኣብ ሕክምና ሓጥረት ምስ በጻሕና፡ ንሓዋሩ ክሰናበተኒ ከሎ ኣብ'ታ ቃሬዛይ ኰይነ ዝሓልም ዝነበርኩ ኰይኑ ተሰማዓኒ።

ቀያሕታይ ርእሱን ኢዱን ተጀሚኑ ረኣኹዎ። ኩሉ ነገር ጋን ስለ ዝኾነኒ፡ ንቐያሕታይ "እንታይ ረኺቡና" ኢለ ሓተትኩዎ። ንሱ ኣብ ረዚን ጓሂ ተሸሚሙ ርእሱ እናነቕነቐ "ኣበይ ኣላ እታ ስድራ? ስድራ'ኮ ጠፊኣትና! ስድራ... ኣባ-ጓይላ፡ ወዲ ሃይለ፡ ጽጋብ፡ ሕጂ ድማ ዮናስ ኣርኪቡ. . ." ንብዓቱ ጀረብረብ በለ።

ግናስ እታ ስድራ መቕሊ ግደፊ ግዲ ኢሉዋ! መቕሊ ገድሊ. . .! ኩላትና ዘይምጥፋእና ዕድል እዩ። እቲ ኣብ'ታ ቶዮታ ተጻዒኑ ዝነበረ ልዕሊ ዓሰርተ ጸረ ታንኪ ነታጒ ቅድሚ ደቓይቕ ናብ'ታ ኦራል እንተ ዘይግዕዝ ነይሩ፡ ዝኸበደ ትራጀዲ ምኾነ ነይሩ። እታ ስድራ ድማ ብዘይመላሲ ኣውያት ምጠፍኣት። እታ ዕለት ወትሩ ኣብ ውዑይ ዝኽረይ ኣላ። እቲ ኣብ'ታ ዕለት ብመውጋእቲ ዝሓለፈሉ የማነ በርሀ'ውን፡ ኣብ 1989 ኣብ'ቲ ከባቢ፡ ስራሕ ጀጋኑ ዓሚሙ ናብ'ታ ስድራ ተጸንቢሩ እዩ።

ሎሚ፡ መሬት ሰሜናዊ ሳሕል ኣብ ዝረገጸሉ ህሞት፡ ከባቢ ወድጋንን ዔላ-ጻዕዳን ናብ'ቲ ትራጀዲ እናወሰዱ፡ ምስሊ ነብሲ ወከፍ ብጾተይን ስድራይን የቕርቡለይ። ኣባ-ጓይላን መጋይሸቱን ኣብ ቅድመይ ዘወርወር ይብሉ። ስድራይ ቅጅል ትብለኒ'ሞ፡ ብመንፈስ እጽንበራ። ናብ'ቲ ቦታ ግልጽ ከይበልኩዎ ክሓልፍ ኣይክእልን። 16 ሰነ 1987 ሩባ ወድጋን ኣባጓይላ ዝርከቦም ኣርባዕተ ብጾት ዝሰኣንናላ ዕለት!

***


## እዮም ኣርባዕተ

## ስውኣት 15/06/1987

## ወድጋን



ስውእ ተስፋንኪኤል ግርማጽዮን 'ኣቡጓይላ'



ስውእ ፍሰሃ ሃይለ



ስውእ ጽጋብ ደባሳይ



ስውእ ዮናስ ሃብተማርያም

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ


## ብስራት ንተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ
[6ይ - 8ይ ክፍሊ]

4 ዓይነት ትምህርቲ
ስነ-ቍጽሪ፡ ሳይንስ፡ ማ/ትምህርቲ፡ እንግሊዝኛ
ኣብ ሓደ ዝጠርነፈት **ፍልጥትን ሓጋዚትን** መጽሓፍ **ኢፈክቲቭ (EFFECTIVE)** ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

**Grade 6-8**

**EFFECTIVE**

**Maths Science**
**S. Studies English**

### ትሕዝቶ መጽሓፍ
- ✓ መግለጺ ኣምራት
- ✓ ብሩህ ኣብነታት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ ዝተፈትሑ ግድላት
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታት ጀነራል
- ✓ መዘንቲ መለመዲታት
- ✓ መልሲ መለመዲ ታት

ንዝያዳ ሓበሬታ፦ 07142402 ወይ 07461121



DELTA Information Systems
Pushing the limits higher!!

ደልታ ደልታ ደልታ.......
ሰሚዕኩምዶ'ታ!! ሕጂ'ውን ከም ልማዱ
እንሆ ተዋዲዱ።
ኣብ'ዘን ዝስዕባ ስልጠናታት፦



- መባእታ ትምህርቲ ኮምፒተር
- ጽገና ኮምፒተር
- ኮምፒተር ኔትዎርኪን
- ኮምፒተር ፕሮግራሚን
- ኮምፒተር ግራፊክስ
- ድጂታል ቪድዮ ኤዲቲን
- ኣውቶካድ
- ኣካዉንቲን ምስ ፒችትሪ
- ኤለክትሮኒክስ



ሓድሽ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎ የበስር።ብእትቕስምዎ ፍልጠት ኮሪዕኩም ክትወጹ ናብ ደልታ ምጽኡ።

ንብዑጅለ ዝምዝገቡ ካብ ክልተ ኮርስ ንላዕሊ ዝወሰዱን
ዝተፈላለየ ደረጃታት ምጉዳል ዋጋ ኣሎና!!
ደልታ ኢንፎርሜሽን ሲስተምስ

ኣድራሻና
ከባቢ ቦቕፊላ ጥቓ ሙፍቲ ኤርትራ
ቴል: 127855/ 111937


# ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ
# ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ትካልና ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሰራሕተኛታት ክቆጽር ስለዝደለየ ፣ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቛሒታት ዘማልኡ/ኣ ደለይቲ ስራሕ ይዕድም ።

**ሀ. ሲንየር ወልደር**

1. ዕድመ፦ ክሳብ 55 ዓመት
2. ተመኩሮ ስራሕ ፦ ካብ 5 ዓመት ንላዕሊ
3. ደረጃ ትምህርቲ፦ ካብ 8ይ ክፍሊ ንላዕሊ
4. ጾታ ፦ ተባዕታይ
5. ብዝሒ፦ ሓደ

**ለ. መካኒክ**

1. ዕድመ ፦ ክሳብ 60 ዓመት
2. ተመክሮ ስራሕ ፦ ካብ 10 ዓመት ንላዕሊ
3. ደረጃ ትምህርቲ፦ ካብ 8ይ ክፍሊ ንላዕሊ
4. ጾታ፦ ተባዕታይ
5. ብዝሒ፦ ሓደ

**ሐ. ሰፋይት ክዳን**

1. ዕድመ ፦ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ
2. ተመክሮ ስራሕ ፦ ብስፌት ክዳን ተመክሮ ዘለዋ ወይ ብስፌት ክዳን ክትስልጥን እትደሊ
3. ደረጃ ትምህርቲ፦ ካብ 5ይ ክፍሊ ንላዕሊ
4. ጾታ፦ ኣንስተይቲ
5. ብዝሒ፦ 30 (ሳላሳ)

**ንስለስቲኡ መደብ ስራሕ**

ደሞዝ ፦ ብስምምዕ

ሃገራዊ ኣገልግሎት ፦ ዝወደአ/ት ወይ ዘይምልከቶ/ታ

ቦታ ስራሕ፦ ኣስመራ

እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተሓተመሉ ዕለት ክሳብ 10 መዓልቲ ፣ ኣመልከቲ ኣሎና ዝብልዎ መረዳእታ ብምሓዝ ኣብ ክፍሊ ምምሕዳር ትካልና ብምቕራብ ክምዝገቡ/ባ ነተሓሳስብ ።

ኣድራሻና፦ ተሌ.182387/182943

ቁጽሪ ሳንዱቕ ጾስጣ 314

ኣስመራ


## ብስራት ንኹሎም ተመሃሮ
ካብ 6ይ ክፍሊ ክሳብ 1ይ ዓመት ኮለጅት

ኣብ ስተሺነሪታት ይርከባ። 07142402 / 07461121

ኣብ ስነ-ቍጽሪ (ማተማቲክስ) ዘሎኩም ጸገማት ክትፈትሑ ትደልዩዶ?

✓ ብሃኒባል ተኸስተ እትዳለዋ ኣገደስቲ መጻሕፍቲ ተጠቐሙ።

**6ይ-8ይ ክፍሊ**
**COMPLETE JUNIOR MATHEMATICS**

**9ይ-12 ክፍሊ**
**COMPLETE ALGEBRA**

### ጥቕሚ'ዘን መጻሕፍቲ
- ➢ መምሃሪ
- ➢ መወከሲ
- ➢ መለማመዲ
- ➢ መገምገሚ
- ➢ መሰረት ንዝለዓለ ትምህርቲ
- ➢ መዳለዊ ንወሰንቲ ፈተናታት
- ➢ መዳለዊ ንጀነራል
- ➢ መዳለዊ ንማትሪክ

**1ይ ዓመት ኮለጅት**
**FUNDAMENTAL CALCULUS**

**9ይ-12 ክፍሊ**
**COMPLETE GEOMETRY**

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ምሕረትኣብ ሓድሽ ተስፋማርያም፡ ስም ወላዲተይ ኣበባ ዓንደመስቀል ገብርየስ ምባል ተሪፉ፡ ኣበበሽ ዓንደመስቀል ገብርየስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ሰመረ ኣብርሃም ዑቕባሚካኤል ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ኣቶ የሱር መሓመድኑር ናይ ካሕሳ ክሲ ስለዝመስረተ፡ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል መልሲ ሒዙካ ን29/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ። እንተዘይቀሪብካ እዚ ጉዳይ ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሚኪኤል ኣብርሃ፡ ስም ወላዲተይ ለተጽዮን ኣስፍሃ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፡ ለተኺዳን ኣስፍሃ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

## ጽላል ወርሒ




9 ሓጸርቲ ዛንታታት ዝሓቖፈት መጽሓፍ!

ፍሉይ ቅዲ ኣዛናትዋ እትውንን መጽሓፍ!

ንፍቕሪ ብፍቕሪ እተምዕር

ህያብ ንፍቑራት ብዘይ ስክፍታ!

ንሓበሬታ 07492060

መሸጢ ዋጋ 60 ናቕፋ

## "ሌላ ምስ ኣቑሑት ኮምፒዩተር"

ዘርእስታ መጽሓፍ ን2ይ ግዜ ተሓቲማ ኣብ ኩለን ስተሺነሪታት ንዕዳጋ ተቐሪባትልኩም ኣላ። እዛ መጽሓፍ ንጽገና ኮምፒዩተር ብሓፈሻ ንመሳርሒታት ኮምፒዩተር ድማ ብፍላይ ብዕምቆት ንክትምህር ብትግርኛ ተተርጒማ ዝተዳለወት ኮይና።-




ኣብዛ መጽሓፍ።-

- ✓ ምስ ነፍሲ ወከፍ መሳርሒታት ኮምፒዩተር ትላለ
- ✓ መሳርሒታት ኮምፒዩተር ንከይበላሸው ክትገብሮ ዘለካ ጥንቃቐ ተፍልጠካ
- ✓ መሳርሒታት ኮምፒዩተር ምስ ዝበላሸው ብከመይ ከምተዐርዮም (maintenance)። መሳርሒታት ከተዕብዮምን ከተመሓይሾምን (Upgrading)። ከምኡ ውን ኮምፒዩተር ንክትሃንጽ(Assembling) ተኽእለካ።
- ✓ መአዘዚ ብልሓት ዊንዶውስ (windows operating system) ንክትጽዕንን ብዛዕባ ኔትዎርክ። ቫይረስን ጥንቃቐኡን ኢንተርነትን ካልእን ብሰፊሑ ተጻሒፉ ንረኽቦ፡

ብዝወሓደ ሕታም ኣብ ዕዳጋ ተቐሪባትልኩም ስለዘላ ንምውናና ንቀዳደም፡

**ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴለ 127458 ወይ 07123962 ተወከሱና**

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of the National Eritrean Development Company (Sh.Co) on their ordinary general meeting held on 05-09-2014 in Riyadh had appointed the following members to serve as the new Board of Directors of the company for the next two years

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. Muhyedin Osman Gelawdeos | – Chairman | 6. Luula Araya H/mariam | - Member |
| 2. Girmay Afeworki Bahto | - Secretary | 7. Musa Ahme Musa | - Member |
| 3. Nuredin Hidad Kerar | - Controller | 8. Girmay Yemane Berhane | - Member |
| 4. Yohannes Tekie Gebre | - Member | 9. Ahmed Mahmud Abdu | - Member |
| 5. Jemal Al Haj Ali | - Member | 10. Ahmed Hasen Adalay | - Member |

National Eritrean Development Co;
The Board

## ምልክታ

ወ/ሮ ሓረጉ ሓድጉ ጊላጋብር ዝተበሃልኩ፡ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109478 መወከሲ ቁጽሪ 118982 ኦርጅናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ እንተሎ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 123009 ወይ ሞባይል 07137833 ይሓብረኒ፡ እንተዘየሎ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ ይሓትት።


ወ/ሮ ሓረጉ ሓድጉ ጊላጋብር

## መልእኽቲ ጥዕና

ጥዕና ወዲ ሰብ ኣብ ብዙሓት ረቛሒታት ዝተመርኮሰ እኳ እንተኾነ እቶም ቀንዲ መሰረታውያን ባእታታት ግን ኣቕርቦ ዝስተ ጽሩይ ማይ፡ ሓለዋ ጽርየት ኣከባብን ውልቃዊ ጽርየትን እዮም። ስለዝኾነ ድማ፦ ኣእዳውና ብማይን ሳሙናን ክንሕጸቦም ዝግባእ ኣገደስቲ እዋናት፡

- ቅድሚ መግቢ ምብላዕና
- ቅድሚ መግቢ ምድላውና
- ዓይኒ ምድሪ ብሕሪ ምጥቃምና ወይ ቀልቀል ድሕሪ ምውጻእና
- ቀልቀል ቆልዓ ድሕሪ ምጽጋርና

ብማይን ሳሙናን ብምሕጻብ ድማ ብጉድለት ጽሬት ካብ ዝመጹ ሕማማት ከም ሕማም ውጽኣት፡ ረኽሲ ዓይኒ(ኩልመት)፡ ረኽሲ ቆርበት፡ነድሪ ሳቡእ፡ ዝተፈላለዩ ናይ መዓናጡ ባልዓት ክንከላኸል ንኽእል። ስለዚ ኣእዳውና ብማይን ሳሙናን ምሕጻብ ዝቐለለ ዋጋ እንኸፍለሉ፡ ዝለዓለ መኽሰብ ድማ እነኻዕብተሉ ቀዳማይ ዋሕስ ጥዕናና ስለዝኾነ፡ ህጻናትና ካብ ንኡስ ዕድሚኦም ምስኦም ዝዓቢ ብዛዕባ ሕለዋ ጽርየት ከባብን ውልቃዊ ጽርየትን ኣብ ግዛን መዋእለ ህጻናትን ክንምህሮም ይግባእ።




## *Invitation to bids*

The Regional Administration of Gash Barka received proceeds from the United Nations Development Program to reintegrate and rehabilitate expelled and internally displaced population since 2004. These proceeds were expended in response to the needs of the beneficiary population in transportation, shelter, water supply, agriculture and implementation capacity strengthening components of the project for the last 10 years(since 2004 to 2014).

The regional administration of Gash Barka intends to recruit an audit firm to undertake an auditing experience of the project for the last 10 years. The auditing firm is required to implement **full auditing** and **inspection**.

Interested auditing firms are requested to submit separate:-

1) **Financial proposal** to show the total financial resource needed to undertake **full auditing** and **inspection** work of the proposed project.

2) **Technical proposal** to show the capacity of the audit firm to undertake **full auditing** and **inspection** work of the proposed project.

Interested bidders are requested to fulfill the following requirements:-

1) Copy of renewed license 2013
2) 1% C.P.O. check for the total amount of financial resource specified in the financial proposal
3) Bid documents are available in the department of admin and finance regional administration office Barentu. For more information contact through telephone numbers 731227/731217.
4) The bid will stay open until 28/10/2014 and the offer will be opened on 29/10/2014 at 11:30 am by the bidding committee in the presence of the bidders or their representatives.
5) The regional administration of Gash Barka is authorized to cancel the bid partly or fully.

Regional administration of Gash Barka

# ኣንፈልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## ካርቦን

ካርቦን ንሂወታውያንን ዘይሂወታውያንን ኣዝዩ ሰፊሕን ኣገዳስን ጥቕሚ ካብ ዝህቡ ባእታታት ሓደ እዩ። ብዙዕዛሒ ህላውነቱ ኣብ ኣድማስ መበል 16 ደረጃ ዝሕዝ ካርቦን ኣብ መዓልታዊ ህይወት ወዲሰብ ዝተፈላለየ ጥቕምታት ኣለዉዎ። ካርቦን ኣብ ጉጅለ 14 ናይ 'ፐረዲክ ቴብል' ዝርከብ ኮይኑ፣ ኣቶማዊ ቁጽሩ ድማ ሽዱሽተ እዩ።

ካርቦን ሓደ ካብቶም ሰብ ዝፈልጦም ርጉኣት ባእታታት እዩ። ኩምራ ሕመት ከኣ ኣብዚ እዋንዚ ከም ቀንዲ ምንጪ ካርቦን ዝጥቀስ እዩ። ኣልማዝ፣ ግራፋይት፣ ኣሞርፎስ ካርቦን ድማ ገለ ካብቶም ተፈጥሮኣዊ ኣሎትሮፕ ካርቦን እዮም። ኣሎትሮፕ ንዝተፈላለዩ መልክዓት ናይ ሓደ ባእታ ዝውክል ስም እዩ። ካርቦን ምስ ኣፍስወከፍ ካልእ ባእታ ክሕወስን ብዙሓት ጠቓምትን ውህደት ክፈጥርን ዝኽእል ባእታ ምዃኑ'ውን ብተወሳኺ ንዝያዳ ተጠቃምነቱ ዘጉልሕ እዩ። ካርቦንሞኖክሳይድ፡ ካርቦንዳይኦክሳይድን እቶም ብዙሓት ዝርከቡ ውህደት ካርቦን እዮም።

ካርቦን ኣብ መሰረታዊ ኣቃውማኡ ዝተወሰኑ ጥቕምታት ኣለዉዎ። ምስ ካልኦት ብምትሕውዋስ'ውን ብዝፈጥሮ ውህደት ዝተፈላለየ ባህርታት ብምንጽብራቕ ናብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ባእታ (ሱብስታንሳት) ብምቕያር ተወሳኺ ዓቢ ጥቕሚ ይህብ። ገለ ካብ ጥቕምታት ካርቦን፣

- ኣብ መሕተሚ ጽሑፋት ማሽን (ከም ኮፒየር፣ኢንክ ጀትን ካልእን) ከም መሰረት ናይቲ ዝንጸግ ቀለም ብምዃን የገልግል።
- ኣብ ጀውሃራት ከም መመላኽዒ የገልግል።
- መጻረዪ ካርቦን ገለ እዋን ከም መጻዕደዊ ባእታ ወይ መጻዪ ጋዝ ይጥቀም።
- ኣብ ዓንኬል ናይ መኪና ጸሊም ሕብሪ ንምፍጣር ይጠቅም።
- ኣብ ምፍራይ ፕላስቲክ ይውዕል።
- ፍሎሪን ኣብ ዘለውዎ ውሁዳት ኣብ መዝሓሊ ናውትን ስርዓታት ይጠቕም።
- ብተወሳኺ ካርቦን ኣብ ስነ ብረት ኣብ ምውጻእ ካልኦት ባእታታት ካርቦን ውን የገልግል።

ካርቦን ብዙይካዚ ዝተጠቕሰ ጥቕምታት ንምዕባለን ህላወን ወዲ ሰብ ኣብ ዝውሰን ኣፍሲወከፍ መድረኽ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ



ባእታ እዩ። ኣብ ሰበነት ከም መኣዛዊ ካርቦሃይድረይት ኮይኑ ብምውሳእ ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ነፍሰ ወከፍ ክፍሊ ሰበነትና ካርቦን ዝሕዝን ብልዑል መጠን ዝደልዮን ምዃኑ ድማ ንኣገዳስነት ካርቦን ኣብ ኣካላትና ዘዕዝዝ ኣበነት እዩ። ኣብ ሓያሎ ምዕቡላትን ኣገደስትን መስርሓት ህይወት ድማ ኣገዳሲ ባእታ ኮይኑ የገልግል። ካርቦን ኣብ ሰበነትና ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣቶማት ዘሕብርን ብዝተወደበ መልክዕ ንዕቤት ዝጠቕሙ ክኾኒ ዘኽእልን ባእታ እዩ።ብሓገዝ ካርቦን ዘመናት ናይ ዝሕለፉ ኣሰር ህይወትን ማዕድናትን ዕድመ ምግማት ውን ሓደ ካብ ዝውቱር መስርሕ እዩ። እዚ ኣገባብ ንምፍጻም ድማ ካርቦን 14 ብዝበሃል ጸርገ ካርቦን ይሰላሰል።

ብዘሐ ካርቦን ናይ ዝርከቦም ውሁዳት ኣስታት 10 ሚልዮን ይበጽሑ። ካርቦን ኣብ ሰበነትና ይኹን ኣብ ኢንዱስትሪ ሓያሎ ጥቕሚ ዘለዎ መዳርግቲ ኣልቦ ባእታ፣ዩ። ብተወሳኺ ካርቦን ኣብ ምቕጻል ህይወት ሰብ ኣገዳሲ ዝኾነ ሱብስታንስ እዩ።

## ሓጺር ታሪኽ ፖሊስ ኤርትራ

ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚራ ብፀበይቲ ዓዲ' መሳፍንቲ፣ ራእሲታት፣ ደግለላት፣ ናይባትን መሻይኽን ደቀባት ትመሓደር ከምዝነበረት ንታሪኽ ኤርትራ ዝገልጹ ጽሑፋት ይምህሩና። ብዘለዋ ስትራተጂያዊ ብልጫታት ኣብ ጠይቱ እዋናት ብዝተፈላለዩ ደርኽታት ክትውረር ጸኒሓ። ኑቶም ካብ ጠይቱ ኩርንዖት ዝመጹ ዝነበሩ ወረርቲ ንምክልኻልን ጸጥታ ከጢ ንምቁጽጻርን በበኽበቡ ዝጥርዑ ዕጡቓትን ዘይዕጡቓትን ኣኽበርቲ ጸጥታ ከምዝነበሩ ከኣ ይፍለጥ።

ኣብ ሓምለ 1890 ወራሪ ስርዓት ጥልያን ንኤርትራ ምስተቘጻጸረ፣ ብደቀባት ዚጋጥሞም ዝነበረ ተቓውሞ ንምድኻምን ገዚእ ጸጥታኡ ንምሕላውን ካራብኔሪ (ካራቢኔሪ) ዝበሃሉ ፖሊስ ኣብዚ ናይ ሕጂ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራ ዘለዎ ቦታ ኣቖመ። ካራብኔሪ ማለት በዓል ሓጺር ጠበንጃ ኮይኑ፣ ብኢጋርን ኣፍራሰን ጸጥታ ዘኽብር ፖሊስ ኢዩ። ብ14 ታሕሳስ 1936 ብኣዋጅ ቁጽሪ 2374 ንመጀመርታ እዋን ብሓደሽ ኣወዳድባ "ፖሊስየ ኮሎኒያ ኣፍሪካና" (PAI) ዝተሰምየ ናይ ፖሊስ ኣሃዱ ማሰረተ። ቦትኡ ድማ ኣብዚ ሎሚ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝርከበሉ ህንጻ ኢዩ ነይሩ። ኣባላት እዚ ዝተማሰረተ ኣሃዱ ወርሓዊ ደሞዞም ክሳብ 90 ሊረ ይበጽሕ ነበረ። ንመጻርግ ብዝምልከት ድማ ናይ ቀረባ ኢጣልያዊ ሓለቓኦም ምስ ዝምስክረሎም፣ "ሙንታዝ"፣ "ቡሉቓባሺ"፣ "ሽምባሺ" ይወሃቡ ነይሮም።

ሰራዊት ጥልያን ተሳዒሩ ብእንግሊዝ ተተኪኡ። ኑቶም ኣቐዲሞም ጥልያን ዝጸከርዎም ኣባላት ፖሊስየ ኮሎኒያ ኣርማን ኣኩዳድናን ጥራይ ብምቕያር ከኣ ከም ዝቐጽሉ ተገብረ። ይኹንምበር በቲ ዝጸንሐ ዓቕሚ ክቕጽል ስለዘይከኣለ ምምሕዳር እንግሊዝ መጀኢታዊ ወተሃደራውን ናይ ሕግን ትምህርቲ ኣምሂሩ ተወሳኺ ዓቕሚ ሰቦት ቖጸረ። ኣብቲ ግዜ ኮኾብ ክንብሩ ዝፍቀደሎም እንግሊዛውያን ጥራይ ኮይኖም፣ ኤርትራውያን ከም ተሓጋገዝቲ ብምዃን ሳብ ኢንስፐክተር፣ ፉል ኢንስፐክተር፣ ቺፍ ኢንስፐክተር ተባሂሎም የገልግሉ ነበሩ። ብድሕሪዚ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ 1947 "ሙባይል ሪዘርቭ ፎርስ" ዝተባህለ ተወሳኺ ኣሃዱ ፖሊስ ኣቖመ። በዚ ኣም'ውን ጸጥታ ክረጋገጽ ብዘይምኽኣሉ ከምእንደገና ብ"ፊልድ ፎርስ" ዝፍለጡ ተወሳኺ ናይ ፖሊስ ሓይሊ ኣሰልጠኑ።

ኣብ ግዜ ፌደረሽን ንፊልድ ፎርስ መኽፈሊ ደሞዝ የለን ብምባል ኣባላት'ቲ ኣሃዱ ክስናበቱ ተወሰነ። እንተኾነ እቶም ኣባላት ብሓባር ክንስናበት የብልናን ክበሉ ብምእዳሞም፣ ኣብ 1953 ገለ ክፋሎም ናብ "ስትራኪንግ ፎርስ" ተቐይሮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ክሳብ ኤርትራውያን ዝምርሑ ብምባል ብየዝያወሉ ኮሚሽነር ፖሊስ እንግሊዛዊዩ ነይሩ። ኣብ 1955 ግን ንመጀመርያ ግዜ ኤርትራዊ ዜጋ ኮሚሽነር ፖሊስ ክኸውን በቕዐ።




ድሕሪ ፌደረሽን ንባጣ ኢትዮጵያ ቀጺሉ። ኑቲ ኣቐዲሙ ንድሌትን ድምጽን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ከየእተወ ዝተበየነ ፌደረሽን ብዓስ ከየብለ ብምትእትታው መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተገበአ'ዩ ነይሩ። ኑቲ ምግዛእን ምትእትታውን ዝቃወም ብእኩብን ብውልቅን ሰላማዊ ሰልፍታት ተኻየደ። ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝእዘዙ ኣባላት ፖሊስን ሰራዊትን እዚ ዘየብሃል ገበናት ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኣውረዱ። ንጥቃዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ተኸቲሉ፣ ኑቶም እዚ ተጋድሎ ዘካይዱን ኣብ ከተማ ዝነበሩ ደገፍቶምን ንምህዳን ብዝነበረ ዓቕሚ ፖሊስ ጥራይ ክትኣዎ ስለዘይኸኣሎም ድማ ኣብ 1964 "ኮማንዶስ ፈጥኖ ደራሽ" ዝጽዋዕ ተወርዋሪ ናይ ፖሊስ ሓይሊ ኣብዚ ሕጂ ማእከል ማሰልጠኒ ፖሊስ ዘሎ ኣብ ደቀምሓረ ዝርከብ ሰፍራ ብእስራኤላውያን ሰልጠኑ።

ሰብን መሬትን በበቕሩብ ሓራ ምውጻእ ብዝበለ ናይ ሰውራ መርሕ ገጠራትን ከተማታትን ኤርትራ በብሓደ ሓራ ኮይነን። ኣብ ናጻ ገጠራትን ከተማታትን ስልኳታት ጸላኢ ዝከታተሉን ጸጥታ ከበሕኦም ዝቈጻጸሩን ናይ ጸጥታ ኣሃዱታት ይምደባ ነበራ። ኣብ ድሮ ናጽነት ከኣ ኣብቲ ህዝቢ ብዙዕዛሒ ዝቕመጠለንን ዝንቀሳቐሰለንን ከተማታት ጋንታታት ፖሊስ ክዝጥፋ ጀመራ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ናይ ሎሚ ሓይሊ ፖሊስ ኤርትራ ቀንዲ ድሕረ ባይትኡ ኣብ ግዜ ሰውራ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

ፖሊስ ኣብ ኤርትራ ናይ ኣስታት 100 ዓመት ዕድመ'ኳ እንተለዎ፣ መግዛእታዊ ሓይልታት ንዕድሚኦም ዘናውሕ፣ ንስርዓቶም ዘገልግል ገደሮም ይቕልስዎ ብምንባሮም ገበናት ዝከላኸል፣ ፍትሒ ዘንግስን ንህዝቢ ዘገልግልን ፖሊስ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ብዕላምኡን ተልእኾኡን ሓቀኛ ፖሊስ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ዝተማስረተ ኢዩ። እዚ ይኹን እምበር ኣብቲ መግዛእታዊ እዋን ንምስሉይን ሽርሒ ዝመልኦን ዕላማን ተልእኾን እቲ ግዜ መንግስቲ ብምግንዛብ ብኣንጻሩ ንህዝቢ ዘድሓኑን ዝተኸላኸሉን፣ ኣብ ጎደኒ ህዝቦም ደው ዝበሉን ዝተቓለሱን ሃገራውያን ምንባሮም ክፍለጥ ዘለዎ ነጥቢ ኢዩ።

ኣብ 1991 መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ተሳዒሩ ኤርትራ ናጻ ሃገር ኮይና። ነዊሕ ጉዕዞ ሰውራ ብሃገራዊ ናጽነትን ክብረትን ተዛዚሙ። ኣብ መጀመርታ 1992 ድማ ሕግን ስርዓትን ዘንግስ፣ ገበንን ሓደጋን ዝከላኸል፣ ገበንን ሓደጋን እንተተፈጺመ ድማ ኣጻርዩ ናብ ፍርዲ ዘቕርብን ንህዝቢ ዘገልግልን ሃገራዊ ፖሊስ ኤርትራ ተመስሪቱ።

*ምንጪ፦ መጽሔት "ህዝብን ፖሊስን"*

## ሕቶ ንሓበርም

1. ካብ ዓለም ንዝዓበየ ፈለግ ኣማዞን ቀንዲ መንበቲ ዝኾኑ ማያውያን ኣካላት
   ሀ. ዩካይሊን ማራኖንን ለ. ማራኖንን ኣንደስን
   ሐ.ፓራናን ያቡቶሰን መ. ዩካይሊን ያቡቶሰን
2. መጸውዒ ስም ዝውሃብ ሶማይ ጠቐስ ህንጻ ዱባይ እንታይ ይበሃል?
   ሀ. ህንጻ ሸኽዛይድ ለ. ታይፐ-ታወር
   ሐ. ህንጻ በርጃ ኸሊፋ መ. በርጃ ዛይን
3. ብዋንጫ ደሴታት ፎክላንደስ ዝሰሓባ ሃገራት መንመን እየን?
   ሀ. ብራዚልን እንግሊዝን ለ. ጀርመንን ኣርጀንቲናን
   ሐ. እንግሊዝን ኣርጀንቲናን
4. ቴርሞ ሜተር ብመን ተማሂዙ?
   ሀ. ዳኒኤል ፋራንሃይት ለ. ማይክል ፋራዳይ
   ሐ. ዋይት ካረር መ. መልሲ የለን
5. ኣብ ዓለም ብሽሉ ሽኻተን ምስ ሓንቲ ሃገር ጥራይ ዝዳወባ ሃገራት ጥቐስ?

### መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን

1. ሐ 2. ለ 3. ሀ 4. ሀ 5. 4400 ኣመልከትቲ



# ሽብ-ብ

ክብርታት ሕብረተሰብ

# መንእሰይ ብባህሪኡ ደላዪ ፍትሒ እዩ



ዕድመ ንእስነት ካብ ምሉእ ህይወትካ እቲ ኣዝዩ ዝበለጸ ግዜ እዩ። ንእስነት ናይ ውዑይ ሓይሊ፡ ናይ ብርቱዕ ጻዓትን ብልሒን ግዜ እዩ። ንእስነት፡ ብቐሊሉ ዘይደክም ኣካላዊ ብቕዓት፡ መሃዚን ተመራማሪን ብሩህ ኣእምሮ እትውንነሉ እዋን እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ባህሪ መንእሰይ ካብ ናይ ዓቢ ብዝተፈልየ ብልዑል ርእሰ-ምትእምማን ዝልለ ኣዝዩ ትስፉው ኮይኑ ንረኽቦ። ምኽንያቱ መንእሰይ፡ ገና ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ክሰርሕ ዘኽእሎ ዓቕሚ፡ ጥዕናን በሊሕ ኣእምሮን ስለዝውንን። እዚ ጸጋ'ዚ ድማ እዩ፡ ንመንእሰይ ፍሉይ ባህርይ ዘልብሶ።

ካብ'ዚ ረቛሒታት'ዚ ዝብገስ ፍሉይ ባህርይ ናይ መንእሰይ ብልክዕ እንታይ እዩ? እንተድኣ ኢልና፡ ብሓጺሩ መንእሰይ ደላይ ጽቡቕ ምዃኑ ኢና እንግንዘብ። መንእሰይ ሕማቕ ክርኢ ኣይደልን፡ ወጽዓ ኣይጻወርን፡ ዓመጽን ኣድልዎን ኣይፈቱን፡ ሓቂ ክትጉዕጸጽ ኣይቅበልን ደንዳኒ ወይ መታለሊ ከጋጥሞ እንከሎ ምሒር እዩ ዝንድር። "ዓመጽ እናርኣየ ዘይንድር መንእሰይ፡ መንእሰይ ኣይኮነን" እውን ይበሃል እዩ። ብሓጺሩ መንእሰይ ፈታው ሓቂ፡ ፍትሒን ማዕርነትን እዩ። መንእሰይ ጽባቐ ኣለዎ ክንብል ከለና፡ እቲ ቀንዲ መግለጺ ጽባቐኡ ብቐንዱ እዚ ባህርይ'ዚ እዩ። መንእሰይ ካብ'ዚ ውሽጣዊ ጽባቐኡ ተበጊሱ፡ ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ክህልወሉ ስለዝብህግ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ወትሩ ተሓላቚን ጠበቓን ውጹዓት ኮይኑ ንረኽቦ። ህዝቢ ኣብ ዝብደለሉን ዝውጸዓሉን እዋን፡ መንእሰያት እዮም፡ ሰውራ ብምልዓል ይኹን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ተወዲቦም ንፍትሒ ዝቓለሱን ህይወቶም ዝውፍዩን። እቲ ፍትሒን ማዕርነትን ዘፍቅር ተፈጥሮኣዊ ባህርያቶም ስለዝድርኾም።

ተፈጥሮኣዊ ባህርይ መንእሰያት ከምዚ ዝተጠቕሰ ፍትወት ሓቂ፡ ፍትሒን ማዕርነትን ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን መንእሰያት ካብ'ቲ ተፈጥሮኣዊ ባህርያቶም ክርሕቁ ዝዕድሙ ብዙሓት ኣደናገርቲ ተርእዮታት ምህላዎም ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ቀደም ግዜ፡ እምነት፡ ስነ-ምግባርን ክብርታትን ኣብ ሕብረተሰብ ዓቢ ቦታ ስለዝነበሮም፡ ንመንእሰያት ናብ ሕማቕ መገዲ ዝደፍእ ሓደጋታት ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ግና መንእሰያት፡ ክብርታትን ስነ-ምግባርን ዝጥሕሱ ዓበይቲ ሰባት፡ ብምሕሳው፡ ብምትላልን ምድንጋርን ረብሓ ከኻዕብቱ ዝህቅኑ ጕሒላታት ስለዘጋጥምዎም፡ ኣጋገይቲ ፊልምታትን ተግባራትን እውን ስለዝዕዘቡ፡ ነቲ ሓቀኛ ባህርያቶም ገዲፎም ነቲ ኣብ ካልኦት ዝዕዘብዎ ብሕልናኦም ግና ዘይኣምንሉን ዘይቅበልዎን ጠባይ ንኽሕዙ ዝድርኾም ኩነታት ኣሎ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ድንጉር ሃዋህው፡ ሓደ መንእሰይ፡ ንነብሱ ከቕርበላ ዘለዎ ሕቶታት ኣሎ። ኣነ ዝብህጎን ሕልናይ ዝቕበሎን እንታይ'ዩ? ግዝያዊ ጥቕሚ'ዶ ነባሪ ጥቕሚ እየ ዝደሊ? ኣርባሒ ዝመስል ንህይወትካ ናብ ዕንወት ዝመርሕ መገዲ'ዶ ወይስ ምሉእ ህይወትካ ዝዘልቕን ጽቡቕ ስም ዘትርፍን ቅኑዕ መገዲ? ካብዚ ሕቶታት'ዚ ተበጊሱ፡ ሓደ መንእሰይ ሓጺር ከይሓሰበ፡ ዘይቅዱስ ቅንኢ ከየሕደረ፡ ንሕልናኡን ንሓቀኛ ባህርያቱን ክምንዝዕ ዝደናደን ተርእዮታት፡ ብወድዓውነት ከመዝኖ ክኽእል ኣለዎ። ከምኡ እንተገይሩ፡ እቲ ቅኑዕ፡ ኣርባሒን ንሓዋሩ ዘቕስንን መገዲ ፍጹም ክጠፍኦ ኣይክእልን። ምኽንያቱ ብሓሶትን ምድንጋርን ዝርከብ ረብሓ እንተነውሐ ንሓጺር ግዜ ጥራይ ዝገልግል ምዃኑ ሓደ ብሩህ ኣእምሮ ዘለዎ መንእሰይ ብቐሊሉ ክግምግሞ ዝኽእል እዩ።

እስከ ከም ኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘጋጥም ኩነታት ንውሰድ። መንእሰይ ብተፈጥሮኡ ፈታው ሓቂ ስለዝኾነ፡ ኣብ ፈተና ምቕዳሕ ጌጋ ወይ ነውሪ ምዃኑ ሕልናኡ ይነግሮ እዩ። እንተኾነ ግን ገለ ሰባት ከምኡ ገይሮም ከይጸዓሩ ብቐሊሉ ጽቡቕ ነጥቢ ክረኽቡ ይርኢ። እሞ፡ ዘይቅኑዕ ምዃኑ እናተሰምዖ፡ ክፍትኖ ይደሊ። ክቐድሕ እንከሎ እንተዘይተረኺቡ ድማ፡ ናይ ሓደ ጻዕረኛ ተማሃራይ ውጽኢት ሰሪቑ፡ ጽቡቕ ነጥቢ የመዝግብ። ከይጸዓርካ ጽቡቕ ነጥቢ ምእካብ ከምዝከኣል ምስፈለጠ፡ ምስ ምሉእ ጸዓቱን ብሩህ ኣእምሮኡን እንከሎ ጻዕሪ ዝበሃል ይጸልእ። በዚ ድማ ህንጸት ኣእምሮ የቋርጽ። ካብ ፍልጠት ይሕረም። ብልሑ የጕድም። ኣብ መወዳእታ ብኸምዚ መገዲ ትምህርቱ ዝውድአ መንእሰይ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ምስኣተወ እንታይ ከምዝኸውን ፍሉጥ እዩ። ኣብ ባጀላ ዝሰፈረ ጽቡቕ ነጥቢታት እምበር፡ ፍልጠት ስለዘይብሉ፡ ነቲ ዝወሃቦ ስራሕ ብቑዕ ኣይከውንን። ናይ ምትላልን ምድንጋርን ውጽኢት ኣብ መወዳእታኡ ክሳራ ምዃኑ ድማ ብግብሪ ይርኢ። ካልእ ኣብነት እውን ክንጠቅስ ንኽእል። ሓደ ነጋዳይ፡ ዘይኮነ ኣቕሓ ኣደናጊሩ እናሸጠ ንቕሩብ ግዜ ንሰባት ከታልል ይኽእል ይኸውን። ብድሕሪኡ ግና ሰባት ስለዝነቕሕሉ፡ ካልኣይ ግዜ ተመሊሶም ኣይመጽእዎን እዮም። ኣብ መወዳእታ መን ከሲሩ? ከምቲ ሰራቒ ተማሃራይ፡ እዚ ሰራቒ ነጋዳይ እውን ክስራንን ሕማቕ ስምን እዩ ትርፉ። ብኣንጻሩ፡ ብቕንዕና ዝነግድ፡ ኣብ ሓደ እዋን ገዚፍ መኽሰብ ክግሕጥ ከይሃረፈ ብርትዓዊ ዋጋ ዝሸይጥ፡ ብዙሓት ዓማዊል የጥሪ። ንግዱ ድማ እናዓበየ ብምኻድ ኣዝዩ ኣርባሒን መዕገቲ ዘይብሉን ይኸውን።

ካብዚ ክልተ ቀሊል ኣብነታት፡ መታለልን መደናገሪን ኣብ መወዳእታ ንኻልእ ዘይኮነ ንነብሱ ከምዘታልል ኢና እንግንዘብ። ብምድንጋርን ምትላልን ክንበር ይከኣል እዩ፡ ወይ ከኣ ንሓዋሩ ውሕስነት ዘለዎ ረብሓ ክርከብ ይከኣል እዩ ኢሉ ዝሓስብ እንተሎ እምበኣር፡ ካብ ኣፍንጫኡ ኣርሒቑ ዘይጥምት ወይ ዘመዛዝን ኣእምሮ ዘይብሉ ጥራይ እዩ። ምድንጋርን ምትላልን ውጽኢቱ ፍሽለትን ክስራንን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሕጊን ስነ-ምግባርን ሕብረተሰብ እውን ቅቡል ስለዘይኮነ፡ ብዙሕ ግዜ ንምኽዋሉ ተወሳኺ ምትላልን ምድንጋርን ዝጠልብ ምዃኑ እቲ ዝኸፍአ ሳዕቤኑ እዩ። ብሓሶትን ምድንጋርን ዝኸድካዮ መገዲ ብቐሊሉ መምለሲ ስለዘይርከቦ፡ ኣብ መወዳእታ ናብ ዘዝዓበየ፡ ዝኸፍኣን ሓደገኛን ገበናት እዩ ዝሸምም።

ብርሃጽካ ምንባር፡ ዘይናትካ ዘይምድላይ፡ ዘይምስራቕ፡ ዘይምዕማጽ፡ ማሕበራዊ ህይወትን ንቕሓት ወዲሰብን ዘረጋገጾም፡ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ክብርታት እዮም። ሕጊ ድማ ነዞም ክብርታት'ዚኣቶም ንምሕላው እዩ ዝወጽእ። ምኽንያቱ ብዘይ እዞም ክብርታት'ዚኣቶም ሕብረተሰብ ክቐውም ኣይክእልን እዩ። ናይ ምትላልን ምድንጋርን ባህርያት ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ክስዕርር ኣብ ዝጀምረሉ እዋን፡ ንሰባት ረጊጽካን መንዚዕካን ረብሓታት ናይ ምኽዕባት ዘይስነ-ምግባራዊ ጠባይ ከም ብርትዐን ብልሒን፤ ብሕጊን ስርዓትን ናይ ምምልላስ ብሉጽ ስነ-ምግባርን ንቕሓትን ድማ፡ ከም ድኻምን ስንፍናን ዝርኣየሉ ኩነታት ይፍጠር እዩ። እንተኾነ ነዊሕ ዝቕጽል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ እቲ ንሕብረተሰብ ጠሚሩ ዘነባብርን ህይወቱ ዘመቅርን ሞራልን ክብርታትን ተጣሒሱ ፍትሒ ምስዝጎድል ህይወት ደቂሰባት ጣዕሚን መቐረትን ከምዝስእን እዩ ዝገብሮ። እቲ ብምድንጋርን ብምትላልን ዝረብሕ ዝመስሎ እውን እንተኾነ ኣብ መወዳእታ፡ ውጽኢት ተግባሩ፡ ብህይወት ኮነ ብኽቢድ ፍሽለትን ክስራንን ክኸፍሎ ናይ ግድን እዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ፡ ህይወትና ሓባራዊ እዩ። ነዚ ሓባራዊ ህይወት ዝዝርግ ናይ ስስዐ፡ ምትላልን ምድንጋርን ተግባራት ኣብ መወዳእታ ሕብረተሰብ ክጻወሮ ስለዘይክእል ድማ፡ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንኽብርታቱን ስነምግባሩን ዘዕንው፡ ስጉምቲ ምውሳዱ ዘይተርፍ እዩ።

ኣብ መንእሰያት ዝርከብ ተፈጥሮኣዊ ባህርይ ፍትወት ሓቂ፡ ፍትሒን ምዕሩይነትን እምበኣር፡ እቲ ንሃገርን ሕብረተሰብ ዘቕውምን ዘርብሕን ብሉጽ ክብርታት ምዃኑ መንእሰያት ብዕምቈት ክግንዘብዎ ይግብእ። ንሱ ጥራይ፡ ንሰባት ብሰላምን ስርዓትን ከምዘነባብሮም ብምዝካር ድማ፡ ንዕኡ ኣጽኒዖም ክሕዙ፡ ንተጻራሪ ተግባራት፡ ከም ምጉዳል ፍትሒ፡ ዓመጽ፡ ስርቅን ብልሽውናን፡ ብንቕሓት ክቃለስዎ የድሊ። ሰብ ኣብ ሓድሕዱ ተሞራኺሱ እዩ ዝነብር። ሕብረተሰብ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምዕባለ ዝበጽሕ ከኣ፡ ንሓድሕዱ ከይተገዳደዐ፡ ከይተሰራረቐ፡ ሕጊን ስነ-ምግባርን ኣኽቢሩ ምስዝኸይድ እምበር ንሓድሕዱ እናተበላልዐ ኣይኮነን። ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ካብኡ ወጻኢ ካልእ ምርጫ የለን። ንወገንካን ሓውኻን ረጊጽካን መንዚዕካን ልዕሊኡ ክትሓድር ምፍታን ናይ መወዳእታ ውጽኢቱ ተታሓሒዝካ ምድኽዳኽ፡ ምጥፋሽን ዝርገትን ጥራይ እዩ።

ስለዚ መንእሰያት፡ ነቲ መግለጺ ጽባቐኦም ዝኾነ ዘኹርዕ ተፈጥሮኣዊ ባህርያቶም ማለት ፍትወት ሓቂን ፍትሒን ማዕርነትን ወትሩ ክሕበንሉን ክከናኸንዎን ንተጻራሪ ባህርያት ድማ ብትሪ ክቃለስዎን ይግባእ። ንስለ ጣዕሚን ጽባቐን ሕብረተሰብ!!

# ካብዝን ትን

ዓንዶም ጸጋይ

## መኸተ ገስጢ

ገስጢ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ዓይነታት ስፖርት'ዩ። ኣብ ዒራቕ ዝቐመጡ ዝነበሩ ሱመሪውያን ቅድሚ 5,000 ዓመት ይጻወትዎ ከምዝነበሩ ይንገር። ብመንገዲ እዞም ዝተገልጹ ሱመሪውያን ኣቢሉ ድማ ጸወታ ገስጢ ናብ መላእ ዓለም ክልሑኽ ክኢሉ። ኣብቲ ግዜ ገስጢ ዋላ'ኳ ከም ስፖርትን ማዘናጋዒን ዝሕሰብ እንተነበረ ኣጉቡብ ኣጻወትኡ ኣዝዩ ዘሰሕክሕ'ዩ ነይሩ። ጉንቦ ኢደካ ብቐርበት ብምሽፋን ኣብ ማእከሉ ድማ ሓጺን ብምጥቃላል ንጸወታ መኸተ ገስጢ ድልው ይኾውን ነበረ። እዚ ማለት ኣብ እዋን ጸወታ ተጋጣማይ ክዕወት እንተኾይኑ ንመጋጥምቱ ሃለዋቱ ክሳብ ዘጥፍእ ክሃስዎ ኣለዎ ዝብል'ዩ።

መኸተ ገስጢ ካብቲ ዝሀቦ ስፖርታዊ ምዘናጋዕ ንላዕሊ እቲ ማህሰይቱ ብምብዛሉ ኣብ ግዜ ሮማውያን እጉድ ጸወታ ኮነ። ክሳብ መወዳእታ 1600 ጸወታ ገስጢ ዳርጋ ኣብ መላእ ዓለም ኣይነብረን። ጸኒሑ ግና ገስጢ ኣብ ኤውሮጳ ሃገረ ብሪጣንያ ብሓደሽ ኣጉቡብ ክትኣታቶ ጀሚሩ። ኣብ 1776 ህቡብ እንግሊዛዊ ኣትሌት ጀምስ ፊግ ዘመናዊ መኸተ ገስጢ ኣተኣታቲ'ዩ። ብኣገላልጻ ጀምስ መኸተ ገስጢ ቅልስ ዘይኮነ ብጥበብ ዝጽወት ኣካላዊ ምቅዳዋት ዝሓትት ጸወታ'ዩ። ኣብ 1743 ካልእ ጃክ ብሩግተን ዝተባህለ ክቱር ናይ መኸተ ገስጢ ፍቕሪ ዝነበሮ ኣትሌት ንጸወታ ገስጢ ናብ ዘመናዊ ስፖርት ዝቕየረ ሓደሽቲ ሕግታት ኣተኣታተዉ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ድማ መኸተ ገስጢ ከም ሓደ ፍትው ስፖርታዊ መደብ ብምዃን ኣብ መላእ ዓለም ክስፋሕፍ ጀመረ። ኣብ 1885 ኩንስበሪ ዝተባህለ ስፖርታዊ ተወሳኺ ሕግታት ብምንዳፍ ዚ ኣብዚ እዋን ዘውቱር ዝኾነ ሕግታት ክማዕበል ከኣለ። ሓደ ጸወታ 12 ዙርያታት ዘሐተተ ኮይኑ፣ ዝኾነ ተጻባጣይ ኣብ ዝኾነ ዙርያ እንተድኣ ተዘረሩ'ሞ ኣብ ወሽጢ 10 ካልኢታት ክትንስእ እንተዘይክኢሉ ይሰዓር፣ ዝብል ሕጊ ኩንስበሪ ዘተኣታተዎ'ዩ።

ዘመናዊ መድረኽ መኸተ ገስጢ ኣብ ዓለም ፍትው ካብ ዝኾኑ ስፖርታዊ ንጥፈታት'ዩ። ብዘይካዚ ተጻባጥቲ ዝረኽብዎ ኣታዊ (ሽልማት ምኻኑ'ዩ) ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። መሓመድ ዓሊ ክለይ፣ ማይ ታይሰን፣ ኢቫንደር ሆሊፊልድ፣ ለኖክስ ልዊስ ገለ ካብ ስሙያት ተጻባጥቲ ዓለምና እዮም።

ምንጪ፦ መጽሓፍ ምህዞታትን ርኽበታትን

## ኣነቓቓሕቲ ጥቕስታት

=> እቲ ዝበለጸ ዓይነት ዓርኪ ምሳኻ ኮፍ ኢሉ ወላ ሓንቲ ቃል ከይተዛረበ፣ ኣዝዩ ሕጉስ ዝኾነ ዝርርብ ከምዝተኻየደ ኣሚኑ ዝኸይድ ሰብ'ዩ።

=> ዘለናዮ ክሳብ ንጽእና ኣይንዝርድኦን ኢና ብተመሳሳሊ ድማ ዝሰኣናዮ ክሳብ ዝመጽና ኣይንፈልጦን ኢና።

=> ንሓደ ሰብ ክትፈትዎ ሰዓታት፣ ከተፍቕሮ መዓልታት፣ ክትርስዖ ግና ናይ ሂወት ዘመንካ ይሓትት።

=> እቶም ሕጉሳት ሰባት ኩሉ ነገር ዘለዎም ኣይኮኑን እንታይ ደኣ እቶም ንዘለዎም ክንዲ ኩሉ ነገር ዝርእይዎ'ዮም።

=> ፍቕሪ ብፍሽኽታ ይጀምር ብምስዓም ይዓቢ ብንብዓት ድማ ይዛዘም።

=> ኩሉ ግዜ ዘቫር ሂወት ክብርቲ'ያ፣ ከይተሕስራ።

=> እንተተጋጊኻ ጌጋኻ ናብ ካልእ ኣይተሳብብ፣ ካብቲ ጌጋ ተማሃር

**ርቡል ተኽለሃይማኖት**

## ኣዩገርምንዶ?

ወዲ 2 ዓመት ህጻን'ዩ። ክቱር ናይ መስተ ወልፊ ኣለዎ። ስሙ ሻሚዝ ኣለን ይበሃል። ኣብ ከተማ ኣትላንታ ዝቕመጥ ህጻን ሻሚዝ መዓስ ኣልኮላዊ መስተ ከምዝለመደ ወለዱ ዘይነጸረሎም ነገር እኳ እንተኾነ ወዲ 22 ዓመት ዓቢ ሓዊ ሳም ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ብምዃኑ ካብኡ ዝለመዶ ባህሪ ከምዝኾነ የረድኡ። ህጻን ሻሚዝ ብዙሕ ክሳቲ ዓቕሚ ዘይብሉ'ኳ እንተኾነ ኣብ መዓልቲ ቁሩብ ኣልኮል እንተዘይጥዒሙ ክርብሽ ከምዝውዕል ወለዱ ይሕብሩ።



## ዝለዓለ ሽፈነ ተዓዚቡቲ ዝረኸበ መደባት ተለቭዥን

ኣብ ምዕባለ ደቂ ሰብ ብዙሕ ጥቕምታትን ወጽኢትን ካብ ዝሀቡ ሃገራት ሓደ ምህዞ ተለቭዥን'ዩ። ተለቭዥን ዳርጋ ብዝበዝሐ ህዝቢ ዓለም ዘውቱር ዝኾነ ፍርያት ተክኖሎጂ ኮይኑ፣ ብማእከላይ ገምጋም ክልተ ሰሶ (2/3) ካብ ህዝቢ ዓለም ተለቭዥን ይዕዘብ። ኣብ ተለቭዥን ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያትን መዳያትን ዘተኮሩ መደባት ይቐርቡ። ናይ ማዘናግዒ መደባት፣ ስፖርታዊ መደባት፣ ዜናን ካልኦት ዝተፈላለዩ መደባት ገለ ካብቶም ኣብ መስኮት ተለቭዥን ዘውቱራት ዝኾኑ መደባት እዮም። ኣብ ተለቭዥን ዝቐርቡ መደባት ብመንጽር ዝዕዘብዎ ተዓዘብቲ ወይ ሰዓብቲ ኣብ ደረጃታት ይኣትዉ እዮም። መጽሔት ታይም ኣብ ዝሓለፉ 100 ዓመታት ዝበዝሐ ተዓዘብቲ ዝተዓዘብዎ ብተለቭዥን ዝቐረቡ መደባት ዝርዝር ኣቕሪቡ'ዩ። ቀዳሞት ዝበዝሐ ተዓዘብቲ ዝተዓዘብዎ መደባት ምስ እንርኢ፣

***መደብ ጽንብል መኽፈቲ ኦሎምፒክ 2008- ቤይጂንግ (ቻይና)***

ኣብ ኤስያዊት ሃገር ቻይና ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ኦሎምፒክ 2008 መኽፈቲ ጽንብል ዳርጋ ኣብ መላእ ዓለም ብቐጥታ ብመሳኸቲ ተለቭዥን ዝተመሓላለፈ ክኸውን ከሎ፣ ልዕሊ 3.5 ቢልዮን ህዝቢ ዓለም ተዓዚብዎ። እዚ ኣሃዝዚ ኣብ ታሪኽ መደባት ተለቭዥን ዝለዓለ ብምዃን ተመዝጊቡ ይርከብ።

***ኒል ኣርምስትሮንግ ምስ ብጾቱ ብምዃን ወርሒ ዝረገጸሉ***

ኣብ 1919 ኣሜሪካዊ ኒል ኣርምስትሮንግ ምስ ሰለስተ ብጾቱ ብምዃን ኣብ ታሪኽ ስነ ጠፈር ናይ መጀመርያ ዕውት ፈተነ ብምክያድ ወርሒ ኣብ ዝረገጸሉ እዋን፣ ንኹሉ'ቲ ሃጥሀው ዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና ብቐጥታ ፈንዮንኦ እዮ። እዚ መደብዚ ድማ ኣስታት 750 ሚልዮን ህዝቢ ተዓዚብዎ።

***ግጥም ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2006***

ኣብ ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም 2006፣ ሃገራውያን ጋንታታት ኢጣልያን ፈረንሳ ዘካየድኦ ናይ ፍጻመ ግጥም፣ ልዕሊ 700 ሚልዮን ህዝቢ ብመሳኸቲ ተለቭዥን ተዓዚቡዎ።

***መዚቃ ምርኢት ኤልቪስ ፕረስሊ***

ህቡብ ደምጻዊ ኤልቪስ ኣብ 1973 ኣብ ኣሃዎ ዘካየዶ መዚቃዊ ምርኢት፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ብኣካል ክሳተፍዎ እንከለዉ፣ ኣስታት 500 ሚልዮን ህዝቢ ድማ ብተለቭዥን ኑቲ መደብ ተኸታቲሎሞ።

### ግጥም ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2006

ኣብ ጀርመን ኣብ ዝተኣንገደ ዋንጫ ዓለም 2006፣ ሃገራውያን ጋንታታት ኢጣልያን ፈረንሳ ዘካየድኦ ናይ ፍጻመ ግጥም፣ ልዕሊ 700 ሚልዮን ህዝቢ ብመሳኸቲ ተለቭዥን ተዓዚቡዎ።

### 10 ዝበለጸ ምቹኣት ከተማታት ዓለም

ኣብ ዓለምና ካብ ዝርከባ ሃገራት እተን ዝበለጻን ምቹኣትን ዓሰርተ ከተማታት እዘን ዝስዕባ'የን።

1. ፍሎረንስ -ኢጣልያ
2. ቦይነስ ኣይረስ- ኣርጀንቲና
3. ባንኮክ- ታይላንድ
4. ሮማ- ኢጣልያ
5. ሰድኒ- ኣውስትራልያ
6. ኒው የርክ -ኣሜሪካ
7. ኡዳፑር- ህንዲ
8. ኢስታንቡል- ቱርኪ
9. ሳንፍራንሲስኮ- ኣሜሪካ
10. ኬፕታውን- ደቡብ ኣፍሪቃ

### መዚቃዊ ምርኢት ኤልቪስ ፕረስሊ

ህቡብ ደምጻዊ ኤልቪስ ኣብ 1973 ኣብ ኣሃዎ ዘካየዶ መዚቃዊ ምርኢት፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ብኣካል ክሳተፍዎ እንከለዉ፣ ኣስታት 500 ሚልዮን ህዝቢ ድማ ብተለቭዥን ኑቲ መደብ ተኸታቲሎሞ።

## ማሰረቱ ዘይተፈልጠ ኣደናቒ ትርኢት



ኣብ ፊንላንድ ኣብ ዝርከብ ሓደ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ ጫካ ዝርከብ ኣእማን'ዩ። ከምዚ ኣብ ስእሊ እትዕዘብዎ ዘለኹም፣ ክልተ ኣእማን ብኣዝዩ ጸቢብ ዝኾነ ፍልልይ ኣብ ርእሲ ርእሲ ተደራሪበን ይርከባ። ሚዛናዊ ኣቃውማ ናይዘን ኣእማን ንዝኾነ በጻሒ (ተመልካቲ) ወትሩ ምስ ገረሞ'ዩ። እቲ ዝያዳ ዘገርም ነገር ግን እዘን ኣእማን መዓስን ብመንን ከምዝተደረባ ዝፍለጥ ታሪኽ የለን። ብዙሓት ተመራመርቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜያት ብዙሕ መጽናዕትታት'ኳ እንተገበሩ፣ ማሰረት እዘን ኣእማን ክለልዩ ግን ኣይከኣሉን።

## ባህርያትኩም ብመንጽር ምርጫኹም

ሕቶ፦ ትፈትዎ ዓይነት ሕብሪ

ሀ. ቀይሕ ለ. ጸሊም ሐ. ሰማያዊ መ. ብጫ

መልሲ፦

ቀይሕ፣ ህይወትኩም ፍቕሪ ዝመልኦን ኣዚኹም ንቑሓትን ኢኹም።

ጸሊም፣ ዓቃባውያንን ሓያላይን ኢኹም።

ሰማያዊ፣ ግሉጻትን ፈተውትን ኢኹም፣ ኣብ መጻምድትኹም ልዑል ፍቕርን ድንጋጻን ዘለኩም ዓይነት ሰብ ኢኹም።

ብጫ፣ ሕጉሳትን ዘይጭኑቓትን ኢኹም፣ ብተወሳኺ ንካልኦት ኣርኣያ ብምዃን መዓድቲ ኢኹም።

## ዕቶት

ዕቶት ኣብ ህዮት
ዘይናቱ ዝምንዞ በረኸት
ክሳዱ ዘንውሕ ተመልካት
ዓለም ሽማግሞዋ ኣብ ህዮት።
ዕቶት ኣንታ መርዚ
ካቦኻስ ክርከብ ብርዚ
መሬት ዝሕኮለ ሕዝዚ
ዕላማኻ ኮይኑ ሓዞ ሓዞ።
ዕቶት ህልቀት'ዩ ዝፈቱ
ምእንቲ ክውንን ንብሕቱ
ጥርቀ ፈሊጥዎ ብበሓቱ
ሰፈር ክለእዎ ኣብ መሬቱ።

**ኣርኣያ የውሃንስ (ኣውልያይ)**
**ክለ 61**

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ሞቕሸሽ

### ሓሰማ ዘጥረየ ባሎተሊ፡ ናብ ዓዲ እንግሊዝ . . .

ኣጥቃዓይ ክለብ ሊቨርፑል ኢጣልያዊ ማርዮ ባሎተሊ፡ ወትሩ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ምስ ሰሓበ እዩ። እቲ ኢጣልያዊ ኮኾብ፡ ኣብዚ ሳልስቲዚ ኣብ ኢጣልያ ዘዕበያ ሓሰማ፡ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ከእትዋ ዝወጠኖ መደብ ከምዝፈሸሎ ደይሊ መይል ሓቢሩ።


እታ ሓሰማ ናብ እንግሊዝ ክትኣቱ እንተደኣ ኮይና፡ ብመሰረት ሕጊ ዓዲ እንግሊዝ ባሎተሊ ፈለማ ከም ኣርባሒ እንስሳ ኣብ'ታ ሃገር ክምዝጉብ ነይርዎ። ብምቕጻል ከኣ፡ ናይ ጥዕና ምስክር ወረቐት፡ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ኢጣልያ ክውጽኣላ ብምግዳዱ እዩ እቲ መደብ ምማዕዝ ፈሺልዎ። ዛጊት ኣብ ዝተኻየዱ ጸወታታት ንሊቨርፑል ሓደ ሸቶ ጥራይ ኣቑጺሩ ዝርከብ ባሎተሊ፡ ነዛ ኣዝዩ ዝፈትዋ ሓሰማ ኣብ 2013 እዩ ኣጥርይዋ። እቲ ብሊቨርፑል 16 ሚልዮን ፓውንድ ወጺኢታት ዝተገብረሉ ኣጥቃዒ፡ ነታ ሓሰማ 'ሱፐር' ብምባል ድማ ይጽውዓ።

### ጠለብ ሞቕሸሽ ተጻወትቲ ጋና ናብ ፊልም ክርዕም ተመዲቡ

ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ሞቕሸሽ ዝጠለቡ ተጻወትቲ ጋና፡ ኣብቲ እዋን ዝፈጸመዎ 'ጽያፍ' ብመልክዕ ፊልም ኣብ ሆሊውድ ክስራሕ መደብ ከምዝተታሕዘ ተሓቢሩ። እቶም ብኣሰሞኣህ ጊያን ዝተመርሑ ተጻወትቲ፡ ምስ ፖርቱጋል ንዘተሰርዐሎም ግጥም ከም ጅሆ ብምሓዝ እዮም ምስ መንግስቲ ጋና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣትዮም። ድሕሪ ሓጺር ዝርርብ ድማ ብፍልይቲ ነፋሪት 1.8 ሚልዮን ፓውንድ (ነፍስ ወከፎም ኣስታት 60,000 ፓውንድ ተቐቢሎም) ኣብ ብራዚል ከምዘበጽሓሎም ይፍለጥ። ሻቡ ተጻወትቲ ነቲ ጥረ ገንዘብ ከምዝተማቐልዎን ገሊኦም ኣብ ከብሒ መቐየሪ ክዳውንቶም ከምዝቐመጥዎን ይሕበር። ነዚ ፍጻመ ድማ ዳሪ ዝተባህለ ጸሓፊ ፊልም ናብ ፊልም ክቕይሮ ምስ ቡጋተር ዝተባህለት ትካል ኣብ ስምምዕ በጺሑ ኣሎ።

### ፋልካኦ፡ ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ሓሳሱ ዝጽምብል ሕንጻይ ዓሊሙ

ደረጃኡ ከንቆልቁል ዝጀንሐ ማን ዩናይትድ፡ ንትንሳኤኣ ምስኣ ካብ ዝጸንበረቶም ተጻወትቲ ሓደ ራዳመል ፋልካኦ እዩ። እቲ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ሳልስቲዚ ሸቶ ምስ ኣመዝገበ ሓሳሱ ዝገልጽ ሕንጻይ ከምዝጥረየ መራኸቢ ብዙሃን እንግሊዝ ኣረዲአን። ብሰንኪ መጉዳእቲ ብቕዓቱ ብመጠኑ ከምዝጎደለ ዝግለጸሉ እቲ ኮሎምብያዊ ተጻዋታይ፡ ነቲ ሕንጻይ ኮኮ ዝብል ስም ከምዝሃቦን ኣብ ግዜ ልምምድ ኸኣ ፋልካኦ ሸቶ ከመዝግብ እንከሎ ጎል ደ ፋልካ ብምባል ሓጎሱ ክግለጽ ከምዝኽእልን ተሓቢሩ። ኣብ ሜዳ ኮነ ብመስኮት ተለቪዥን ንፋልካኦ ዘለሊ እቲ ሕንጻይ፡ ጎረባብቲ ፋልካኦ እንተደኣ ደገፍቲ ማን ሲቲ ኮይኖም ኣብ ልዕሊኡ ሓደጋ ከየውርዱ ስግኣት ኣሎ።



## ተወልደ ኣብ ማራቶን ሜልቦርን ካልኣይ ወጺኡ

### * ምስ 'ኣቀላጠፍቲ' ናብ ቺካጎ ዝተጓዕዘ ግርማይ፡ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዙ

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ሜልቦርን - ኣውስትርልያ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን፡ ወዲ 26 ዓመት ኤርትራዊ ተወልደ እስጢፋኖስ ካልኣይ ደረጃ ምሓዙ ተፈሊጡ።

እቲ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ፡ ነቲ ርሕቀት ብኽልተ ሰዓት 11 ደቒቕን 30 ካልኢትን ኩዚዝሞ ክኢሉ ኣሎ። እቲ ግዜ ድማ ብሉጽ ናይ ውልቂ ግዚኡ ኮይኑ ሰፊሩሉ። ኣቐዲሙ ተወልደ ኣብ 2013 ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ ጎልድ ኮስት ማራቶን 2፡13፡10 ብምምዝጋብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ነይሩ። እቲ ዝተመዝገበ ግዜ ድማ ኣብ እዋኑ ዝበለጸ ግዜ ናይቲ ኣትለት ነበረ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቕዓቱ እናበረኸ ይመጽእ ዘሎ ተወልደ፡ ክልተ ግዜ ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ፍርቂ ማራቶን ዓለም ተሳቲፉ ነይሩ። ምስ ምሉጻት ዓሰርተ ድማ ክስራዕ ምኽኣሉ ይፍለጥ። ብተደጋጋሚ ኣብ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ዝተሳተፈ ተወልደ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ቱኒዝያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ 21 ኪሎሜተር ውድድር እውን ንግዜ ናይቲ ቦታ ብምምሕያሽ ክዕወት ምኽኣሉ ይሕበር። ነቲ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ውድድር ዶሚኒክ ፒዩስ ዝተባህለ ኣትለት እዩ ተዓዊቱሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ቺካጎ፡ ስሙ ምስ 'ኣቀላጠፍቲ ውድድር' ዝተመዝገበ ኤርትራዊ ኣትለት ግርማይ ገብረስላሴ፡ ብ2 ሰዓት፡ 09 ደቒቕን 08 ካልኢትን ካብ ትጽቢት ብዙሓት ወጻኢ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዙ። እቲ ንፈለማ ግዚኡ ኣብ ውድድር ማራቶን ዝተሰለፈ ኣትለት፡ ኣብ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ተጸሚዱ እዩ ጸኒሑ። ኣብ ጥሪ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ከምኡ እውን ኣብ ሽወደን (ንግዜ ናይቲ ውድድር ብምምሕያሽ) ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር ብምዕዋት ስሙ ዝኾልዐ ግርማይ፡ ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ፍርቂ ማራቶን ዓለም ሻውዓይ ደረጃ ምሓዙ ይፍለጥ።

ኣብዚ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ውድድር ድማ፡ ግርማይ ክሳብ 30 ኪሎሜተር ንኣትለታት ከቓልጥፍ እዩ ናብ ሕ.መ. ኣመሪካ ተጓዒዙ። ንሱ ንሓሙሽተ ኪሎሜተር ብ14፡43፤ ን10 ኪሎሜተር 29፡30፤ ን15 ኪሎሜተር 44፡16፤ ን20 ኪሎሜተር ብ59፡02፤ ን25 ኪሎሜተር ብ1፡13፡42፤ ን30 ኪሎሜተር ብ1፡28፡46፤ ን35 ኪሎሜተር 1፡44፡30 ሸፊኑ። ንሱ፡ ንኹሉ ዝተዋህቦ ዕዮ ዛዚሙ ሻዱሳይ ደረጃ ምሓዙ ንብዙሓት ኣገሪሙ።

ነቲ ውድድር ኬንያዊ ኢሉድ ኪፕቾግ ብ2፡04፡11 ተዓዊቱሉ። ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃታት እውን ብኬንያውያን ሳሚ ኪትዋራን ዲክሰን ቹምባን እዩ ተታሒዙ። ራብዓይ ደረጃ ኢትዮጵያዊ ቀነኒሳ በቀለ ክሕዝ እንከሎ፡ ኬንያዊ ኮየች በርናንድ ድማ ሓሙሻይ ወጺኡ።

ቁጽሪ ኤርትራውያን ኣትለታት ኣብ ውድድር ማራቶን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይውስኽ ኣሎ። ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም 2015 ድማ ሓያል ጥምጥም ከምዝህሉ ርጉጽ እዩ። ዛጊት፡ ከም በራኺ በየነ 2፡08፡27፤ ግርማይ 2፡09፡08፤ ኩብሮም ገብረእግዚኣብሄር 2፡10፡00፤ ተወልደ እስጢፋኖስ 2፡11፡47 ዝኣመሰሉ ኣትለታት ዝምስገን ግዜ ኣለዎም። ገና እውን ሓያል ኣትለታት ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ግዜ ንምምዝጋብ ኣብ ምቅላስ ይርከቡ። ንገለ ምስ እንጠቅስ ኣብ 2011 ኣብ ዘካየዶ ፈላሚ ውድድር ማራቶን 2፡07፡27 ዘመዝገበ ሳሙኤል ጺጋይ፡ ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ኣምስተርዳም ክወዳደር ምድላዋቱ ኣብ ምጽፋፍ ከምዘሎ ይፍለጥ።

** ** **

## ዙር ዞባ ማእከል

## ሰለሙን ሃብቱ ተዓዊቱ

ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክሊታ ዞባ ማእከል ተሰሪዖም ካብ ዝካየዱ ውድድራት ሓደ ዝኾነ ዙር ዞባ ማእከል፡ ብቕድሚ ትማሊ ንኣርባዕቲኤን ዲቪዥናት ብዘሳተፈ ውድድር ኣብ ከባቢ ሞኖፖልዮ ጀሚሩ።

ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርት ኣብ ዝተረኸቡ ረፍዲ፡ ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን 67 ዙርያ - 120.6 ኪ.ሜ እዮም ሸፊኖም። ውድድር ካብ ዝተጀመረሉ ግዜ ኣትሒዙ ኣብ ሜዳ ሓያል ናይ ምምላቕ ፈተነታት ተራእዩ። ሓይሊ ዘዘለዎ ናብ ቅድሚት ኣብ ዝኾሉ ግዜ ብዙሓት ጉጅለታት ይምስረታን ይእከባን ነይረን። ኣብ ከምዚ ህሞት ኣብ ቀዳመይቲ ጉጅለ ዝበዝሐ ቁጽሪ ናይ ተቐዳደምቲ ዝነበራ ሰምበል ምስ ኮነት ሓላፍነታ ከተርኢ ንኹሎም ተቐዳደምታ ኣብ ቅድሚት ኣገደመት። ኣብዛ ጉጅለ እዚኣ ሰምበል ሽዱሽተ፡ ኤሪትል ሓሙሽተ፡ ኣስቤኮ ኣርባዕተ፡ ደቡብ ድማ ሰለስተ ተቐዳደምቲ ነይሮመን። ተቐዳደምቲ ሰምበል ንናህሪ ቀዳመይቲ ጉጅለ ብዘይ ቀልዓለም ኣብ ዝቕልስሉ ዝነበሩ እዋን፡ ኣብ ዳሕረወይቲ እኩባት ጉጅለ ዝነበሩ፡ እታ ዝኸደት ከም ዝተዓወተት ብምርዳእ ንምርካባ ዝተፈላለየ ናይ ምሙላቕ ፈተነታት ካብ ምክያድ ኣየዕረፉን።

ብፍላይ ሻምፕዮን ኤርትራ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን ተቐዳዳማይ ኤሪትል ዮናስ ተኸስተን ሓያል ጻዕሪ ኣካይዶም። እንተኾነ ንናህሪ እታ ብድሕሪት እትቕርቦም ዝነበረት ዓባይ ጉጅለ ክዓርግዎ ኣይከኣሉን። ከም ሳዕቤኑ ድማ ውድድር ንኽዛዘም 33 ዙርያ ምስ ተረፎ፡ ቀዳመይቲ ጉጅለ ንዳሕረወይቲ ዓባይ ጉጅለ ብዙርያ ገለፈታ።

ኣብ ቅድሚት ንዊሕ ዙርያታት ዝደኸሙ ተቐዳደምቲ ሰምበል 'እፎይ' ክብሉ እናተጸበዩ፡ ኣድነቦም ዝወዓሉ ተቐዳደምቲ ኤሪትል መጥቃዕቲ ፈነዉ። ንመጥቃዕቲ ናይ ኤልያስ ኣፈወርቂን የማና ተስፋይን ዝመከቱ ሰለሙን ሃብተን የውሃንስ ወልደሩፋኤልን ናይ ኣስቤኮ ከምኡ'ውን ሚልዮን ኣማኑኤል ካብ ሰምበል እዮም። ሓላፍነት ናይዛ ዝቖመት ቀዳመይቲ ጉጅለ ዝወሰዱ ተቐዳደምቲ ኤሪትል ብፍላይ ድማ የማና ተስፋይ እዩ። ንዳሕረወቲ ጉጅለ ድማ ተቐዳደምቲ ሰምበል እናተሓጋገዙ ክቕልስዋ ጀመሩ።

ኣብ ቅድሚት ዝነበሩ ተቐዳደምቲ ኤሪትል ፍልልዮም እናፍግሑ ኣብ ዝኸዱሉ፡ ኣብ ድሕሪት ዝነበሩ ተቐዳደምቲ'ውን ኩነታቶም ከሻቕሎም ጀመረ። ከም ወጽኢት ናይዚ በረኸት የማነ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈነወሉ፡ ወዲ ጋንታኡ ተስፋይ ምሕረትኣብን ዳዊት ሃይለ ናይ ሰምበልን ጥራይ ጭርኡ ክሕዙ ክኢሎም። እዞም ሰለስተ ተቐዳደምቲ ምስቲ ኣቐዲሙ ሞሊቑ ዝነበረ መሓሪ ተስፋጼን ብምኻን ካልኣይቲ ጉጅለ ኣቐሙ። ኣብ ቀዳመይቲ ኤልያስን የማናን ካብ ኤሪትል፡ ሰለሙንን የውሃንስን ካብ ኣስቤኮ ከምኡ'ውን ሚልዮን ካብ ሰምበል፤ ኣብ ካልኣይቲ ድማ በረኸትን ተስፋይን ካብ ኣስቤኮ፡ ዳዊት ካብ ሰምበል ከምኡ'ውን መሓሪ ብውልቂ ነበሩ። ቀዳመይቲ ጉጅለ ብተቐዳደምቲ ኤሪትል ካልኣይቲ ድማ ተቐዳደምቲ ኣስቤኮ እናተቐለሳ፡ ውድድር ክዛዘም ሓደ ዙርያ ክሳብ ዝተረፎ ተረባረበ።

ናይ ፍጻመ ደወል እናተደወለ እንከሎ ክልቲአን ጉጅለታት ሓበራ። ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር ድማ ስዒቡ።

ተቐዳደምቲ ኣስቤኮ ዝኾኑ ሰለሙን ሃብተን የውሃንስ ወልደሩፋኤልን ድማ ቀዳማይን ካልኣይን ብምኻን ደመቑ። ኤልያስ ኣፈወርቂ ካብ ኤሪትል ከምኡ ድማ ሚልዮን ኣማኑኤል ካብ ሰምበል ሳልሳይን ራብዓይን ደረጃ ዝሓዙ እዮም። ሓሙሻይ በረኸት የማነ ካብ ኣስቤኮ፡ ሻዱሻይ ዳዊት ሃይለ ካብ ሰምበል፡ ሻብዓይ የማና ተስፋይ ካብ ኤሪትል፡ ሻሙናይ ተስፋይ ምሕረትኣብ ካብ ኣስቤኮ፡ ታሽዓይ መሓሪ ተስፋጼን ብውልቂ ከምኡ ድማ ዓስራይ መርሃዊ ጎይትኦም ካብ ኤሪትል እቶም ኣብ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተቐዳደምቲ እዮም።

ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን፡ 30 ዙርያ (54 ኪ.ሜ) ንምሽፋን እዮም ኣብ መስርዕ ውድድር ተረኺቦም። ድሕሪ ዘካየድዎ ሓያል ውድድር ድማ ኣብ መወዳእታ ዝተዓወቱ ቀዳማይ ዘመንፈስ ሰለሙን ካብ ክለብ ኤሪትል፡ ካልኣይ ተመስገን ሃይለ ብውልቁ፡ ሳልሳይ ሮቤል ሚኪኤል ካብ ሰምበል፡ ራብዓይ ምቁር ተወልደ ካብ ኣስቤኮ ሓሙሻይ ሄኖክ ተስፋይ ብውልቁ፡ ሻዱሻይ ሃኒባል ተስፋይ ካብ ሰምበል እዮም።

ኣብቲ ዕለት እቲ ተቐዳደምቲ ሳልሳይ ዲቪዥን 25 ዙርያ - 45 ኪ.ሜ ሸፊኖም። ከም ወትሩ ድማ ብናህሪ ጀሚሮም ብናህሪ እዮም ኣብ መዛዘሚ ደወል በጺሖም። ሳልማን ሳልሕ ካብ ጋንታ ናትና፡ ሓይልኣብ ተስፋማርያም - ናትና፡ ናሆም መልኣከ ካብ ጎዳይፍ፡ ፊሊጶስ ክብረኣብ ካብ ጎዳይፍ፡ ኤርሚያስ ንገሰ ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ ከምኡ ድማ ኣዶናይ ክሱተ ካብ ናትና ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ዝወጹ ተቐዳደምቲ እዮም።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣንቆልቂሉ ዝነበረ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብ ምብርባር ሓሊፉ ተወዳድርቲ እናተራእዩ ይመጽእ ኣሎ። ትማሊ ሰንበት ዝተራእየ ቅልስ ዙርያ ምድራብ ድማ ንስምዒት ተዓዛብቲ ዝቓጸ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ዝተረፉ ሓሙሽተ ተቐዳደምቲ ኣብ ዘካየድኦ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ ሞሳና ደበሳይ ካብ ጋንታ ዓራግ፡ ፋኑስ ተስፋጋብር ካብ ኤሌክትሮላይት፡ ኣለም በየነ ካብ ጋላፍሒ፡ የሃና ዳዊት ካብ ዓራግ፡ ከምኡ ድማ ዶልቺ ሃብተጼን ብውልቂ እተን ነጥቢ ዘመዝገባ ተቐዳደምቲ እየን።

ጽባሕ ሓሙስ መቐጸልታ ናይቲ ትማሊ ሰንበት ዝፈለመ ውድድር ዙር ዞባ ማእከል ክሰላሰል እዩ። ኣብቲ ኣስታት 180 ኪሎሜተር ዝሸፍን ውድድር ተቐዳደምቲ ካብ ኣስመራ ከባቢ ባሕቲ መስከረም ተበጊሶም፡ መገዲ ከረን፡ ኣስመራ - ሕምብርቲ - ኣስመራ - ዓደርዓዳ - ኣስመራ - ነፋሲት በጺሖም ከባቢ ቤት ጊዮርጊስ ዝዛዘም ውድድር ክካይዱ እዮም። ኣብዚ መድረኽ ድማ ውድድር ክልተ ናይ ዓቐብ ነጥቢ ክተሓዝ እዩ።

** ** **

## ቅንጥብጣብ

= ናይ ቅድም ተዓዋቲ ውድድር ቱር ደ ፍራንስ - ኣንዲ ሽለክ ብሰንኪ ኣብ ብርኩ ዝገጠሞ ማህሰይቲ ካብ ኮረሻ ብሽክሊታ ጠቕሊሉ ምውራዱ ቢቢሲ ሓቢሩ። እቲ ወዲ 29 ዓመት ተቐዳዳማይ፡ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ቱር ደ ፍራንስ መጉዳእቲ ከምዝገጠሞ ይዝከር። ክሳብ ቀረባ እዋን ከኣ ኣብ ሕክምና ድሕሪ ምጽናሕ መጉዳእቱ ምሉእ ብምሉእ ሓወዩ ናብ ጸወታ ክምለስ ከምዝይክእል ብምርግጋጹ እዩ ካብ ኮረሻ ወሪዱ። ሽለክ፡ ንሽልማት ውድድር ቱር ደ ፍራንስ 2010 ድሕሪ ክልተ ዓመት እዩ ተቐቢልዎ። ኣብቲ ውድድር ዝተዓወተ ኮንታዶር ድሕሪ ዝተኻየደሉ መርመራ፡ ሓይሊ ዝህብ መደሃኒት ብምጥቃሙ እቲ ሽልማት ናብ ሽለክ እዩ ተሰጊጉ። ኣብ 2009 ከምኡ ድማ 2011 ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘ ተወላዲ ላክሰንበርግ ሽለክ፡ ኣብ 2009 ኣብ ዝተኻየደ ሊጅ - ባስቶኝ - ሊጅ ናይ ሓደ መዓልቲ ክላሲክ ውድድር ዝሓደ ብቕዓት ብምርኣይ ቀዳማይ ኮይኑ ምዕዋቱ ይፍለጥ።

= ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ቸልሲን ዝሓለፈ ሰሙን ክለባቶም ግጥም ኣብ ዘካየዱሉ ህሞት ከምዝተባኣሱ ይፍለጥ። ክልቲኦም ኣብ ርእሲ ምድፍፋኦም፡ ብቓላት እውን ኣይተጋደፉን። ትማሊ ቀዳመ ሰንበት ድማ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር፡ ብቲ ፍጻመ ከምዝሓዘነን ነቲ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ኸኣ ይቕሬታ ምሕታቱ ማዕከናት ዜና ገሊጸን።

= ወናኒ ክለብ ኤሲ ሚላን - ሲልቭዮ በርልስኮኒ፡ "ማርዮ ባሉተሊ ዝመሸመሸ ቱፋሕ እዩ። ደጊመ ድማ ናብዛ ጋንታ ክምጽእ መደብ የብለይን" ክብል ኣብ ልዕሊ እቲ ተጻዋታይ ሊቨርፑል ርእይቶኡ ሂቡ።

= ናይ ቅድም ዓላሚ ክለብ ሰልቲክ - ኒል ሌኖን ኣላዪ ክለብ ቦልተን ኮይኑ ምቝጻሩ ቢቢሲ ሓቢሩ። እቲ ወዲ 43 ዓመት ኣሰልጣኒ ኣብ ወርሒ ግንቦት እዩ ናይ ሰልቲክ ስርሑ ኣረኪቡ ተፋንዩ። ኣብታ ክለብ ድማ ንኣርባዕተ ዓመታት ምጽንሑ ይፍለጥ። ኣብዚ ዓመት ስፖርትዚ፡ ቦልተን ኣብ ውድድር ሻምፕዮንሺፕ እንግሊዝ ሓንሳብ ጥራይ እያ ተዓዊታ - 11 ግጥማት ተኻይዱ ኣሎ። ቦልተን ኣብ ዓመት ስፖርት 2011/12 ካብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ምግላፋ ይፍለጥ።

# ዜና ዓለም

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ቃዛ ንዝሕቲ ሃገራት 5.4 ቢልዮን ዶላር ክሕግዛ ቃል ኣትየን



ወሸመጥ ቃዛ ብጽዑቕ ደብዳብ ነፈርቲ እስራኤል ድሕሪ ምዕናዋ፡ ለገስቲ ሃገራት ኣብ ዳግመ-ህንጻ ናይታ ዞባ ዝውዕል 5.4 ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ክገብራ ቃል ኣትየን።

ኣብቲ ለገስቲ ሃገራት ዝቖጻኦ ዋዕላ ቐጠር በይና ናይ ሓደ ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ክትህብ ተመባጺዓ። ብዘይካ'ዚ ኤውሮጳዊ ሕብረት 568 ሚልዮን ዶላር፡ ኣመሪካ 212 ሚልዮን ዶላር፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ቱርክን 200 ሚልዮን ዶላር፡ ንዳግመ ህንጻ ቃዛ ዝውዕል ሓገዛት ክገብራ ተመባጺዐን።

መራሕቲ ምስርን ርእሰ ምምሕዳር ፍልስጤምን ኣብ ዘሰምዕዎ መግለጺ፡ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቃዛ ነባሪ ሰላም ዝርከበሉ ሃዋሁ ክትፈጥር ጸዊዖም።

ኣብቲ ዋዕላ ዘይተዓደመት እስራኤል ብወገና ኣብ ወሸመጥ ቃዛ ዝግበር ማሰርሒ ዳግመ ህንጻ ብዘይ ናታ ፍቓድ ክሰላሰል ከምዘይክእል ኣጠንቂቓ።

ብመሰረት ሓበሬታ በበሲ፡ ኣብቲ ኣብ ከተማ ካይሮ ዝተኻየደ ዋዕላ ለገስቲ ሃገራት፡ ፍልስጤማውያን ሰብ መዚ ነታ ብኸቢድ ዝዓነወት ቃዛ ዳግማይ ንምህናጽ ኣርባዕተ ቢልዮን ዶላር ከምዘድሊ ምሕጽንታ ከቕርቡ እንከለዉ፡ ለገስቲ ሃገራት መብጽዓ ኣትየናኦ ዘለዋ መጠን ገንዘብ ግን ካብቲ ጠለብ ኣጸቢቑ ዝዛይድ ምዃኑ ተፈሊጡ።

እስራኤል ዝሓለፈ ሓምለን ነሓሰን ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቃዛ ብዘካየደቶ ደብዳብ ነፈርቲ፡ ልዕሊ 100 ሽሕ ኣባይቲ ቃዛ ብዘይ ኣብያተ ከምዝተረፉ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክት።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ ኣብቲ ግጭት ዝጠፍኡ ሰላማውያን ሰባት ዝኾኑ ልዕሊ 2100 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ብወገን እስራኤል ድማ 67 ወተሃደራትን ሸዱሽተ ሰላማውያን ሰባትን ተቐቲሎም።

ወሸመጥ ቃዛ ብፍልስጤማዊ ውድብ ሓማስ'ኳ ትመሓደር እንተኾነት፡ ናይ ኣየር፡ ምድርን ባሕርን ዶብታ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር እስራኤል'ዩ ዝርከብ።

ለገስቲ ዝበዝሓ ሃገራት ካብ ዝኣትዋኦ መብጽዓታት፡ ሓደ ዕስራት'ውን ከምዘይትግበራኦ ዝጠቕሱ ተዓዘብቲ፡ እዚ ንዛ ቃዛ ክወሃብ ዝበሃል ዘሎ ኣህጉራዊ ሓገዝ'ውን ንዝልኪ ህዝባዊ ርክባት ዝዓለመ ከይኮነ ከምዘይተርፍ ይትንትኑ።

## ቦኮ ሓራም 27 ጅሆ ለቒቑ



ብዕጡቓት ቦኮ ሓራም ጅሆ ተታሒዞም ከምዝጸንሑ ዝተገልጹ 27 ሰባት ብሰላም ከምዝተፈትሑ በበሲ ሓቢሩ።

እቶም 10 ቻይናውያን ሰራሕተኛታት ዝርከብዎም ሰባት ንኣዋርሕ ዝኣክል ብዕጡቓት ጅሆ ተታሒዞም ድሕሪ ምጽናሕ'ዮም ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት ተፈቲዖም።

ካብቶም ናብ ከተማ ያውንደ - ካሜሩን ብሰላም ዝኣተዉ ሰባት፡ ሓንቲ በዓልቲ ቤት ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተር ካሜሩን ከምትርከቦም ምንጭታት'ታ ሃገር ገሊጾም። ኩሎም፡ ዝሓለፈ ግንቦትን ሓምለን ብጥርጡራት ኣባላት ቦኮ ሓራም ኣብ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ጅሆ ከምዝተታሕዙ ክፍለጥ እንከሎ፡ ኩነታት ኣፈታትሓኦም ግን ዛጊት ኣይተሓበረን።

ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ሰፊሕ ከባቢታት ተቖጻጺሮም ዘለዉ ዕጡቓት ቦኮሓራም፡ ብተደጋጋሚ እዋ ንዶባት ካሜሩን ጥሒሶም ከምዝኣትዉን ሓላሊፉም መጥቃዕቲ ከምዝፍንዉን ምንጭታት'ታ ሃገር የመልክቱ።

ምስ ናይጀርያ ዝዳወባ ካሜሩን፡ ቻድን ኒጀርን ኣንጻር ቦኮ ሓራም ዝዋጋእ ብኸቢድ ዝዓጠቐ ኣሰታት 3 ሽሕ ሓባራዊ ዞባዊ ሰራዊት ክምስርታ ከምዝተሰማምዓ ይፍለጥ።

ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ካብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ልዕሊ 200 ደቀንስትዮ ጨውዮም ድሕሪ ምውሳድ፡ ዛጊት ንልዕሊ 6 ወርሒ ኣብ ትሕቲኦም ሒዞመን ከምዝርከቡ ይፍለጥ።

ጉጅለ ቦኮ ሓራም ኣብ ናይጀርያ ኣኽራሪ ሃይማኖታዊ ስርዓት ንምምስራት ዝዋጋእ ሓይሊ ኮይኑ፡ ዛጊት ሰፊሕ ከባቢታት'ታ ሃገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእቱ ምኽኣሉ ይግለጽ።

## ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ዒራቕ ሓላፊ ፖሊስ ዞባ ኣንባር መጀር ጀነራል ኣሕመድ ሳዳቕ ብዕጡቓት ተቓወምቲ ከምዝተቐትለ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ። እቲ በዓል-ስልጣን ብድሩዓት መካይን ተዓጂቡ ኣብ ከተማ ራማዲ እናተጓዕዘ'ዩ ብቦምብ ተቐቲሉ። ኣብ ልዕሊ ዓጀብቱ'ውን ናይ ሞትን መቑሰልትን ሓደጋ ከምዝወረደ ካብቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ሰብ መዚ ዞባ ኣንባር ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሰግኣት ዕጡቓት ዳዕሽ ወዲቖም ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ህጹጽ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክግበረሎም'ዮም ዝጽውዑ። ዕጡቓት ዳዕሽ ዋላ'ኳ፡ ብኣመሪካ ጽዑቕ ደብዳብ ኣየር እንተተገብረሎም፡ ናብ ከተማ

ጥቕዳድ ገጾም ብምምራሽ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ዒራቕ ዝኸበደ ወጥሪ ክፈጥሩ ከምዝኽእሉ ምንጭታት ዜና ይገልጹ።

***

ሰራዊት ፈረንሳ ኣጽዋር ጽዒነን ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ናብ ማሊ ዝጓዓዛ ዝነበራ ቃፍላይ መካይን ከምዘዕነወ ገሊጹ። እተን መካይን ዋንነት ናይቶም ምስ ኣልቃዒዳ ርክብ ዘለዎም ኣብቲ ዞባ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ምዃነን ፈረንሳ ገሊጻ። እተን መካይን ካብ ሊብያ ከምዝተበገሳን ብኒጀር ኣቢለን ናብ ማሊ ንምእታው ኣብ ዝጓዓዛሉ ዝነበራ እዋን ከምዝተወቕዓን ኣገልግሎት ዜና ፈረንሳ ገሊጹ።

ኑተን መካይን ከምዘውንን ዝተገልጸ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝንቀሳቐስ "ኣልቃዒዳ ኣብ ሃገራት መቕሪብ" ዝተባህለ ጉጅለ ግን ዛጊት መግለጺ ኣይሃበን። ፈረንሳ ብጉልባብ ምዕቃብ ሰላም፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣሽሓት ሰራዊት ኣዋፊራ ምህላዋ ይፍለጥ።

***

ሱብ ሞያ ሕክምና ላይበርያ፡ ሰራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ ከየካይዱ ሱብ መዚ'ታ ሃገር ተማሕጺኖም። እቶም ሱብ ሞያ ሕክምና ንገዛእ ርእሶም ብመልከፍቲ ኢቦላ ከይጥቅዑ ኣብ ከቢድ ሰግኣት ወዲቖም ብምህላዎም፡ መንግስቲ ምስቲ ዘወርዶም ሓደጋ ዝመጣጠን ወሰኽ ደሞዝ ክገብረሎም'ዮም ዝጠልቡ።

ኣብ ላይበርያ፡ ገለ ኣለይቲ ሕሙማት ብቫይረስ ኢቦላ ተለኺፎም፡ ገዳይ ሞት ከምዘኾኑ ጸብጻባት ጥዕና'ታ ሃገር የመልክቱ። መንግስቲ ኑቶም ኣብ ምእላይ ሕሙማት ኢቦላ ዝነጥፉ ዘለዉ ሱብ ሞያ ሕክምና ወርሓዊ 500 ዶላር ክኸፍሎም እንከሎ፡ ንሳቶም ግን እቲ ክፍሊት ናብ 700 ዶላር ሓፍ ክብል'ዩ ዝጠልቡ።

ኣብ ላይበርያ ብሰንኪ ሕጽረት ንቕሓትን መሳለጥያታትን መልከፍቲ ኢቦላ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኑ'ዩ ዘሎ። ኣብታ ሃገር ልዕሊ 4 ሽሕ ሰባት ብሕማም ኢቦላ ህይወቶም ከምዝሰኣኑ ይግለጽ።

## ቱርኪ ወተሃደራዊ መዓስከራታ ንኣመሪካ ትኸፍት

ቱርኪ ወተሃደራዊ መዓስከራታ ንሰራዊት ኣመሪካ ክፉት ከምዝገበረት ኣፍሊጣ። ቱርኪ፡ ኣመሪካ ኣንጻር ዕጡቓት ዳዕሽ ኣብ እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ነቲ ወተሃደራዊ መዓስከራት ክትጥቀመሉ'ያ ተፍቅድ ዘላ።

ብተወሳኺ፡ ኣመሪካ ኣብቲ ወተሃደራዊ መዓስከራት ልዙብ መርገጺ ዘለዎም ሶርያውያን ዕጡቓት ክተሰልጥን ከምእትኽእል ይግለጽ።

ኣቐዲማ ቱርኪ ኣንጻር'ቶም ኣብ ዒራቕን ሶርያን ሓያል ሰግኣት ፈጢሮም ዝርከቡ ኣኽረርቲ ዕጡቓት ዳዕሽ ቀጥታዊ መጥቃዕቲ ክትከፍት ንዝቐረበላ ምሕጽንታ ከምዘነጸገቶ ኣይርሳዕን።



ዝሓለፈ ሰሙን ዕጡቓት ዳዕሽ ኣብ ዶባት ቱርኪ ንእትርከብ ሶርያዊት ከተማ ኮባኒ ንምቁጽጻር ዘካየድዎ ፈተነ ብዝተወሃሃደ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ኣመሪካን ሚሊሻ ኩርዳውያንን ከምዝፈሸለ ምንጭታት ዜና ሓቢረን።

እቶም ዕጡቓት ኣብቲ ምስ ቱርኪ ዝዳወብ ከባቢታት ሶርያ ብዝፈነውዎ መጥቃዕቲ፡ ልዕሊ 200 ሽሕ ሶርያውያን ናብ ቱርኪ ክሃድሙ ከምዝተገደዱን ኣብኡ ብዘይ እኹል ሓገዛት ኣብ ሕማቕ ወዲቖም ከምዘለዉን ጸብጻባት የመልክቱ።